
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.309 ሓሙስ 27 ነሓሰ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
ኣተኩሮ ስርዓተ-ትምህርቲ ኣብ 'ስተም' ድ'ስቲም' ይኹን፡




ገጽ 5
ወዛም ገጽ፡ ተካል ገጽ



ገጽ 7
ምልክታ

ገጽ 10
ውዳበ ሓይሊ፣ ዩ



ገጽ 11
ክረምታዊ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ግራስ ሩት ይቕጽል




## ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ምስ ነበርቲ ርብዳ ዘትዩ



ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ብ23ን 24ን ነሓሰ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ኣብ ዝገበሮ ዑደት፡ ምስ ነበርቲ ርብዳ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓትን ተራ ኮምን ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ኩነታት ክረምታዊ ሕርሻ፣ ትሕተ-ቅርጺ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ፎርቶ፣ ከምኡ'ውን ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ዝተዓመ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ድሕሪ ምዕዛቡ፡ ኣብ መጻኢ ብዞዕባ ዝትግበሩ መደባት ምስ ዝምልከቶም ሓለፍትን ወከልቲ ህዝብን ተዘራሪቡ።

እቲ ርኹቡ፡ ኣብ ተጠቃምነት ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ዘሎ ብድሆታትን መፍትሒታቱን፣ ጠንቂ ትሑት ተሳታፍነት ኣብ ትምህርቲ፣ ከምኡ'ውን ማሕበረ-ቁጠባዊ መነባብሮ ዜጋታት ንምምሕያሽ ዝወሰድ ዘሎ ተበግሶታትን ገስጋሱን ዘተኮረ ነይሩ።

ነበርቲ ብወገኖም፡ ኣብ ማእከላይ ቦታ ተጠርኒፎም ርጉእ ሂወት ክመርሑ ዝወጸ መደብ ንኽዕወት፡ ምንጪ ዝስተ ማይ ክጽገነሎም፣ ትካል ጥዕና ክዋደደሎም፣ መምህራን ቅድመ-ትምህርቲ ክቐርቡ፣ ስሩዕ ኣገልግሎት ክታብት ዝረኽቡሉ ባይታ ክፍጠር፣ ከምኡ'ውን ጸገም መጉዓዝያን ኣገልግሎት ተንቀሳቓሲ ቴሌፎንን ክሕሰበሉ ኣዘኻኺሮም።

ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ኣቶ ኣረጋይ ሙብራህቱ ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዘሎ ሕጽረታት ንምምላእ ይስራሕ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ክሳብ መሊኡ ዝፍታሕ፡ ተዋዲዶሎም ንዘሎ ናይ ትምህርቲ ዕድል ብግቡእ ክጥቀሙሉ፣ ከምኡ'ውን ኣብ መደበር ጥዕና ሞሎብር መጸዩ ነፍሰ-ጾራት ንምህናጽ ክዋስኡን ብግቡእ ክጥቀሙሉን ኣተሓሳሲቡ።

## ኣብ ሆስፒታል ተሰነይ፡ ን3600 ዜጋታት መጥባሕቲ ሓበላ ዓይኒ ተኻዪዱ



ካብ መወከሲ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ ዝተላእከ ጉጅለ ክኢላታት፡ ካብ 21 ክሳብ 25 ነሓሰ ኣብ ሆስፒታል ተሰነይ ን3600 ዜጋታት ብናጻ መጥባሕቲ ሓበላ ኣካዩዱ።

እቲ መጥባሕቲ ንነበርቲ ንኡሳን ዞባታት ተሰነይ፡ ሃይኮታን ፎርቶ-ሳዋን ከምእተኻየደን 15 ህጻናት ምንባሮምን ዝሓበረ ነቲ ጉጅለ ዝመርሐ ክኢላ መጥባሕቲ ዓይኒ ዶ/ር ኢዮብ በየነ፡ ምምሕዳራትን ሞያውያን ጥዕናን ኣብ ምውህሃድን ምስላጥን ናይ'ቲ ዕማም ንዝገበርዎ ኣበርክቶ ኣመስጊኑ።

ኣባል ናይ'ቲ ጉጅለ ዶ/ር ረድኢ መንግስተኣብ ብወገኑ፡ ኣብ መታሕት ምስ ዘሎ ጸሓይን ንፋስን፡ ካብ 40 ዓመት ንላዕሊ ኣብ ዝዕድመኦም ዜጋታት ሓበላ ዓይኒ ክኽሰት ንቡር ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዜጋታት ኣብ ትካላት ጥዕና ቀሪቦም ኩነታት ጥዕና ኣዒንቶም ከረጋግጹ፣ ኣብ መዓልታዊ ምንቅስቓሳቶም ድማ መነጸር ክዘውትሩ ጸዊዑ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ገብረሂወት ተኽስተ ድማ፡ ኣቐዲሙ ምስ ኣሃዱ ኣገልግሎት ሕክምና ዓይኒ ከተማ ተሰነይ ብምውህሃድ ኣብ ሰለስቲኦን ንኡሳን ዞባታት ዝተኻየደ መርመራታት፡ ኣብ ዓወት ናይ'ቲ ወፍሪ ዓቢ ተራ ከምዝነበሮ ኣብሪሁ።

መጥባሕቲ ዝተገብረሎም ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ብሰንኪ ዝጸንሖም ጸገም ዓይኒ ዕለታዊ መነባብሮኦም ተጸልዩ ምጽንሑ ብምዝካር፡ ድሕሪ መጥባሕቲ ግና ብርሃን ዓይኖም ተመሊሱ ንቡር ንጥፈታት ከካይዱ ከምዝጀመሩ ገሊጾም።

ኣብ ዝቕጽል ቀረባ መዓልታት፡ ኣብ ከተማታት ባረንቱን ኣቑርደትን ተመሳሳሊ ኣገልግሎት ክወሃብ ምዃኑ ተፈሊጡ።

# ኣብ ደቂ-ዓንዱ፡ ትካላት ትምህርትን ጥዕናን ይህነጻ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ደቂ-ዓንዱ - ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ፡ ብምትሕብባር መንግስትን ኮምን ንዘጸንሐ ጸገም ክፈትሓ ትጽቢት ዝግበረለን ትካላት ጥዕናን ትምህርትን ይህነጻ ኣለዋ።

እተን ኣብ ደረጃ ምጽፋፍ በጺሐን ዘለዋ ትካላት፡ 10 ክፍልታት ንኣገልግሎት ሕክምና፣ 6 ክፍልታት ድማ ንኣገልግሎት 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ከምዘጠቓልላ፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ተስፋየሱስ በሸረ ገሊጹ።

ሕጽረት ትካል ጥዕናን ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርትን ሽግር ከምዘጸንሐም ብምጥቃስ፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ምስ በጽሓ ናይ ዘቋርጻ ዝነበራ ተመሃሮ ቁጽሪ፡ ምስ ምዝዛም ናይ'ዘን ትካላት መሰረታዊ ፍታሕ ክረክቦ ከምዝኽእል ልዑል እምነት ከምዘለዎ ሓቢሩ።



ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ወ/ሮ ዓሻ ዒሊ-ኖር ብወገና፡ ነበርቲ ደቂ-ዓንዱ ንዘወሰድዎ ተበግሶ ድሕሪ ምምጓስ፡ እቲ መደብ ንኽዕወት - ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባን ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት ዞባን ከምኡ'ውን ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላት ሞያዊ ኣበርክቶ ከምዝገበሩ ኣብሪሃ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ኢራ-ላዕላይ መደበር ጥዕና፣ ኣብ ሓሊብ-መንተል መዋእለ ህጻናት፣ ኣብ ባልዋ ድማ ቀጽሪ ቤት-ትምህርትን ተወሳኺ ክፍልታትን ብኣበርክቶ ህዝቢ ከምእተሰርሐ፡ ወ/ሮ ዓሻ ኣፍሊጣ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሓድሽ-ዓዲ ቤት-ፈተነን ናይ ማይ ባስካን ንምስራሕ መደብ ከምዘሎ፣ ኣብ መደበር ጥዕና ሽዕብ-ሰለባ ድማ ህንጻዊ ጽገና ንምግባርን ሽግር ዝሰተ ማይ ንምፍታሕን መጽናዕቲ ተወዲኡ፡ እቲ ስራሕ ኣብ ቀረባ እዋን ከምዝጅመር ኣረዲኣ።

# ሻምብቆ - መደባት ክታበት ኣብ ጥዕና ህጻናት ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ኣሎ

ኣብ ማእከል ጥዕና ሻምብቆ ዘወሃብ ዘሎ ክታበት ህጻናት፡ ኣብ ምውሓስ ጥዕናኦም ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ተገሊጹ።

ተገልገልቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ብስሩዕ ዘወሃብ ክታበት፡ ህጻናት ደቆም ብሰንኪ ጉድለት ክታበት ክስዕብ ካብ ዝኽእል ሓደጋታት ድሒኖም፡ ኣብ ትምህርቶምን ማሕበራዊ ህይወትን ብንጥፈት ይዋስኡ ከምዘለዉ ኣረዲኦም።

ሓላፊ ማእከል ጥዕና ሻምብቆ ነርስ ተስፋኣለም እያሱ ብወገኑ፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ኣገዳስነት ክታበት እናበረኸ ብምምጽኡ፡ ሽፈነ ክታበት 98 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ሓቢሩ።

ተሓጋጋዚት ነርስ ለምለም መንግስ ድማ፡ ክታበት ካብ ሕማማት ብምክልኻል ኣካላውን ኣእምሮኣውን ዕብየት ህጻናት ዘውሕስ ፍቱን ሜላ ምዃኑ እቲ ኣፍልጦ እናዓበየ ሳላ ዝመጸ፡ ቁጽሪ ናይ'ተን መደባት ክታበት ደቀን ብግቡእ ዘከታትላ ኣደታት ዕብየት ከምዘመዝገበ ገሊጻ።

# ደቀምሓረ - ኣፍልጦ ሓረስቶት ኣብ ሓመድ-ኣልቦ ሕርሻ ንምብራኽ ስልጠና ተወዲቡ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣፍልጦ ሓረስቶት ኣብ ሓመድ-ኣልቦ ሕርሻን ብልሒታቱን ንምብራኽ ዝዓለመ ስልጠና፡ ብ25 ነሓሰ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ወዲቡ።

ክኢላ ልምዓት መዝሃሚ መንእሰይ ዮሴፍ ሃይለ ኣብ ዝሃቦ ኣስተምህሮ፡ ኣብ ሃገርና ሓመድ ኣልቦ ሕርሻ ካብ 2022 ክተኣታቶ ድሕሪ ምጅማሩ፡ ኣብ ምህርቲ ጸባን እንቋቑሖን ዓቢ ጽልዋ ከምዘገበረ ብምጥቃስ፡ ኣብ እዋን ዋሕዲ ክረማት ንጥራት ኣማራጺ መግቢ ክኸውን ከምዝኽእል ገሊጹ።

እዚ ሜላ'ዚ ብውሑድ ሃልኪ ማይን ጉልበትን ኣብ ውሱን ስፍራ ክካየድን ምሉእ ዓመት ክለምዕን ስለዝኽእል፡ ሓረስቶት ብግቡእ ክጥቀሙሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ሓላፊ ሃብቲ እንስሳ ዶ/ር ዑቕባዝጊ ክፍለ ብወገኑ፡ ውጽኢት ጸባ ኩቡቲ ኣብ ዓሌት ኩብትን ኣብ ኣመጋግባን ከም ዝምርኮስ ብምጥቃስ፡ ዝተመጣጠነ ኣመጋግባ ኣብ ትሕዝቶ ጸባ ዓቢ ጽልዋ ስለዘለዎ፡ ሓረስቶት ኣብ ኣመጋግባ ሚዛን ክሕልዉ መኺሩ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ ኣለም ሙብራህቱ ድማ፡ ሓረስቶት ነቲ ብሞያውያን ዝተዋህበ ስልጠና ብግብራዊ ስራሕ ክደፍኡሉን ኣብ ሕርሻታቶም ክተኣታትውዎን ተላቢዩ።

ካብ 4ይ ገጽ ዝቐጸለ

# ዝኽሪ መስከረም. . .

7ይ - ኣሕዋተይ ፖሊስ ኮማንድስ፡ ናይታ ዓባይ ዓወት ናይ ጀጋኑ ተጋደልቲ ኣሕዋትኩም ማለት ናይ በለዛን ዓዲ ንፋስን (ውግእ)፡ ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ኣሽሓት ጦር ሰራዊት ዝተረኸበ ዓወት ረሲዕኩሞ ዲኹም፤ ኣይሽዑ'ንድዩ መግዛእታዊ ስርዓት ናይ እንጽርጽሮት ንህዝብኹም ኣብ ኣስመራ ክጥርሾም ምስ ረኣኹም ደምኩም ፈሊሑኩም ብዓቢ ቀራጽነትን ትብዓትን ዝበዳህኩምዎ። ሕጂ ደኣ መን'ዩ ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪት ዝንተኩም፤

8ይ - እምበኣር እንሆ ካብ ማእከል ህዝባዊ ተጋድሎ ናጽነት ኤርትራ ኮይነ፡ ኣብ ጎቦታት ሃገርና ብዓቢ ሃንቀውታ እጽበየኩም ኣለኹ።

9ይ - ካብዚ ኣዋጅ'ዚን ስምዕታን እዚ ዝበጽሓኩም መዓልቲ ጀሚርኩም፡ ግዜ ከየጥፋእኩም ተቐዳዲምኩም በብዘለኹሞ፡ ምስ ሒዝኩምዎ ዘለኹም ኣጽዋር ምስ ጀጋኑ ኣሕዋትኩም ተጋደልቲ ናጽነት ኤርትራ ተሰለፍኩም ነቲ ድሮ ኣንቀልቀሉ ዘሎ ጸላኢ ንኽትድምስሱ ብስም ተጋደልትን ህዝብን ይጽውዓኩም ኣለኹ። ተጋደልቲ ናጽነት ኤርትራ ምምጻእኩም ፈሊጦም ስለዘለዉ፡ በብዘለውዎ ቦታ ብናፍቖት ኣእዳዎም ዘርጊሖም ይጽበዩ ኣለዉ።"

እዚ ምሕጽንታ እዚ፡ ኣተሓሳስባ ኮማንድስ ኣብ ምቕያር ዓቢ ግደ ከምዝነበሮ ናይ ሽዑ መዛግብቲ የረድኡ። ናይቲ እዋን'ቲ ስነጥበበኛታት ብዝተፈላለየ መገዲ ዘካይድዎ ዝነበሩ ጎስጓስ'ውን ናቱ ግደ ነይሩዎ እዩ። ንኣብነት ስዉእ ተኽሊኪኤል ገብሩ (ወዲ ገብሩ)፥

*"ሓይሊ ኣየር ምስ ሓይሊ ባሕሪ ፖሊስ ምስ ኮማንድስ ወጽዓ ዘይደሊ ንደርጊ ጠንጢንካ ተሰለፍ ኣብ ገድሊ"* ኢሉ ይደርፍ ነበረ።

ከም ውጽኢት ናይዚ ጎስጓሳት ብዙሓት ኮማንድስ ብወለንታ ናብ ሰውራኦም ተጸንበሩ፡ ገሊኦም ድማ፡ ኣብቲ ዝካየድ ዝነበረ ግጥማት ብቐሊሉ ኢዶም እናሃቡ፡ ናብ ሰውራ ወገኑ። ገለ ከኣ ውትህድርና ረጥሪጦም ናብ ማሕረሶም ተመልሱ። ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ ውግኣት ዘጋጥም ዝነበረ ክሳራታት ተደሚሩዎ፡ ኣብ 1974 ቁጽሪ ኮማንድስ 2772 ዝነበረ፡ ኣብ 1979 ናብ 1158 ናብ ትሕቲ ፍርቂ ከምዝወረደ ሰነዳት ናይቲ ግዜ'ቲ ይገልጹ። እቲ ምጉዳል ኣብ ቁጽሪ ጥራይ ኣይነበረን፡ ናይ ምውጋእ ፍናንን ብቕዓትን ብኡ መጠን ነከየ። ኣሃዱታት እናደባለቕካን እናጠርነፍካን ነቲ ዝተረፈ ሓይሊ ዳግም ንምውዳብን ንምሕያልን ዝተገብረ ጻዕርታት ኣይሰመረን።

እቶም ናብ ሰውራ ዝተጸንበሩ ኮማንድስ፡ በዚ ዝነበሮም ወተሃደራዊ ብቕዓትን ሃገራዊ ስምዒትን ንሰውራ ክሒሶሞን ኣደልዲሎሞን እዮም። እቶም ዕብይ ዝበሉ ደቀም ኣብ ሰውራ ብምስላፎም ምስ ደቀም ዝጋደሉ ዝነበሩ እዮም። ኣብ ህዝባዊ ግንባር ንኣብነት ኮማንድስ፡ ፖሊስ፡ ወዲ ፖሊስን ወዲ ኮማንድስን ዘይነበራ ኣሃዱ ዳርጋ ኣይነበረትን። ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ካብ ዝተሓተ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ሓላፍነት ተሰኪሞም ብኣብነት እናመርሑ ድማ፡ ቃልሲ ንናጽነት ኣብ ምዕዋት ዓቢ ግደ ተጻዊቶም።

እቲ ብሜላ ገረብ ብሓኸላ ዝተመልመለ ሓይሊ እምበኣር ኣብ መጨረሽታ ድርዒ ሰውራ እዩ ኮይኑ። ነዚ ዝተጠቕሰ ዛንታ'ዚ - ወለድና ብሓደ ምስላ ኣቢሎም ገሊጾሞ ኣለዉ። ንሱ ድማ፡ "ፍቕሪ ጓናን መንደቕ ኳናን ኣይትእመን።"


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍስ 125013 - ቍሳጸ 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዶክመንትሪ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 15:00 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 15:35 | ፓኖራማ |
| 15:50 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 16:15 | መደብ ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:25 | ፊዩሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ፊልም ገጽታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዶክመንትሪ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23:00 | እትሙት |

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፊት ሓጉስ

## ኣተኩሮ ስርዓተ-ትምህርቲ፡ ኣብ 'ስተም' ዶ 'ስቲም' ይኹን፧

ትምህርቲ ንኹሉ ደረጃታት ዘጠቓልል ስያመ'ዩ። እዚ ከኣ ካብ መጀኦታ ክሳዕ ላዕለዋይ ደረጃ ክፀኡ'ውን ኣብ ተኽኢካውን ሞያውን ትምህርቲ ዝዘሎ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘጠቓልል ምኻኑ'ዩ። ትምህርቲ ናይ ውሑዳት ጎይቶት ፍሉይ መኣዲ ካብ ምኻን ሓሊፉ ሓፋሽ ክእለት ዝዓጥቀሉን ጸጋኢ ፍልጠቱ ዘርውየሉን መድረኽ ንክኸውን ብደረጃ ዓለም ዝተራእየ ኹጉቱ ንዕኡ ዘደረኸ ምኽንያታትን ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ናይዛ ዓምዲ ተመልኪቱ ነይሩ። ብኣጠቓላሊ ክርእ እንከሎ ግና ዝርግሐ ትምህርቲ ምስ ምምጻእ ፈላሚ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ንዘማዕበለ ተክኖሎጂ ዘድሊ ክእለት ዝዓጠቐ ዓያዩ ጉልበት ንምርካብን ምስኡ ተዛሚዱ ብዘተራእየ ቁጠባውን ማሕበራውን ለውጥታት ክፀግዘፍሐ'ዩ። ስለዚ ትምህርቲ ብስሩዕ ወይ ዘተደረጀ ኣገባብ ንሓፋሽ ክወሃብ ዝጀመረ ኑቲ ኢንዱስትርያዊ ጠለብ ንምምላሽ'ዩ። ዝሰዓበ ናይ ኢንዱስትሪ ሰውራታት'ውን ብግደኦም ኣብ ትሕዝቶን ኣገባብትን ትምህርቲ ጽልዋ ፈጢሩ'ዩ። ብሓፈሻኡ፡ ብትምህርቲ ክዒብጥ ንዘድለ ዕላማታት ተግባራዊ ኣብ ምግባር ከኣ ስርዓተ-ትምህርቲ መሪሕ ቦታ ይሕዝ።

ምስዒጋር ካብ ሳልሳይ ናብ ራብዓይ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታትን ኣገባብትን ንዘበረ ዶብ ዘህሰሰ'ዩ። ኣብ ቤተ-ፈተነ (ላብራቶሪ) ይካየድ ኣብ ዝነበረ ስፍልጠታዊ ምርምር ዝኸሰት ዘሎ ለውጢ ከኣ ሓደ ኣብነት'ዩ። ምርምራዊ ዕዮ፡ ኣብ ሓንቲ ጣውላ ብሓደ ስፍልጠተኛ ዝካየድ ዕዮ ካብ ምኻን ኣብቂዑ፡ ብጉንታ ደረጃ ዝካየድ ዕማም ኮይኑ ኣሎ። ዝበን ናይ ምርምር ጋንታት'ውን ምውህሃድ ናይ ዝተፈላለየ ዓውድታት ኣድላዩን መሰረታውን ኮይኑ ይርከብ። እዚ ከኣ ኑቲ ኣብ መንጎ ዝተፈላለየ ዓውድታት ብፍላይ ከኣ 'ሓይስቲ' ስፍልጠት ኣብ ዝበዝሓ ከም ተክኖሎጂ ስነሂይወት፡ ተክኖሎጂ ሓበሬታን ስፍልጠት ንዋት (ማተርያልን)ን ዝበረ ደረት ዘህሰሰን ኑቲ ምትሕንፋጽ ዘሓየለን እዩ።

ሕጂ ዘሎን ዝመጽእን ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ንኣብነት ኑቲ ኣብ ዓውዲ መጉዓዝያ፡ ጥዕናን ትምህርትን ዝርከብ ተክኖሎጂ ናይ ምውህሃድ ኣድላይነቱ ዘጉልሐን ኑቲ ኣብ መንጎ ተረምሳሰን ተራኣይን (ፊዚካል)፡ ዲጂታውን ስነሂይወታውን ክልታት ዝበረ ደረት ዘህሰሰን ምኻኑ ይግለጽ። እዚ ኣብ መንጎ ግሁድን ማግዛውን ዓለም ንዝበረ ደረት፡ ሰርብተኛዊ ለውጢ ዘስዓበሉ ሓደሽ ተክኖሎጅያዊ ምህዞታት፡ ኣብ ምሕደራ ትምህርትን ስርዓተ-ትምህርትን ንዝበረ ልምድን ኣካይዳን'ውን ብምስራቱ ዝቕይር'ዩ። ንኣብነት ስፍልጠት፡ ተክኖሎጂ፡ ምህደስናን ቁጽርን ርእሰን ዝኸኣላ ዓውድታት ትምህርቲ እየን። እዚ ማለት ግና ከም ኩብድን ሕቖን ዘይራኸባ ዓውድታት ፍልጠት እየን ማለት ኣይኮነን። እቲ ሓቂ እዚ ክኸሰ፡ ክሳዕ ሕጂ ዓብላሊ ኮይኑ ዝጸንሐ ኣገባብ ኣመሃህራ ግና ዝበን ዓውድታት ትምህርቲ ከም ቆፎ ኺ ንኹሉ ዘኾብኩዝ እምበር ኑቲ ዘለወን ምምርኻስ ኣብ ግምት ዘእቱን ብወሃድ ንተማሃሮ ዝቕርብን ኮይኑ ዝተሃንደሰ ኣይኮነን። እዩ ዝበል እንተተረኸበ ድማ ብኣዝዩ ድሩትን ኣከራኽሪ መልክዕን ካብ ምኻን ዝሓልፍ ኣይኮነን።

ካልእ ድሩትነት ናይቲ ክሳዕ እዚ እዋን ዓብላሊ ኮይኑ ዝጸንሐን ኣገባብ ኣመሃህራ፡ እቲ ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣብ መምሃሪ መጽሓፍቲ ጥራይ ዝተደረተ ምኻኑ'ዩ። ተማሃሮ ድማ ኣብቲ መምሃሪ መጽሓፍቲ ዝርከብ ትሕዝቶ ክሕዝዎ ወይ "ክሽምድድዎ" ትጽቢት ይግበረሎም። ንኣብነት፡ ንተማሃሮ ብኽእለታ ከመይ ትዝወር ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ንጹር፡ ዝርዝራዊ መግለጺን መረዳእታን ብምቕራብ ምምሃርም ይከኣል'ዩ። እቶም ተማሃሮ'ውን ኑቲ ትሕዝቶ እርይቱጽር ኣብሎም ክሕዝዎን ክገልጽዎን ይኽእሉ። ብተወሳኺ፡ እዚ ኣገባብ ተማሃሮ ንዝግበረሎም ትጽቢት ኣማለኦም ዶ ኣየማልእዎን ንምፍላጥ ከም መማዘኒ ዝጥቀመሉ ፈተና እዩ። ዝቕጽል ናይ ትምህርቲ ህይወቶም ድማ በቲ ዘመዝገብዎ ውጽኢት ይውሰን፡ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ይሓልፉ ወይ ካብ ምሕላፍ ይተርፉ። ስለዚ፡ ኣብ ፈተና፡ ብኽእለታ ብኸመይ ትዝወር ትብል ሕቶ እንተመጺኣ ምሉእ ብምሉእ ዝምልስዋ ተማሃሮ ክህልዉ እዮም። ኣብ ኩርሻ ብኽእለታ ተሰቒሎም ኑቲ ፍልጠት ተግባራዊ ንምግባሩ ክሳዕ ዘይተመኮሩ ግና ምዝዋር ብኽእለታ ክኽእሉ ኢልካ ምጽባይ ከንቱ ባህጊ'ዩ ዝኸውን። እዚ ማስርሕ ተማሃሮ ኑቲ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ባይታ ክሰርሑሉ ዘኽእል ተመክሮ ዘጥርዩሉ፡ ፈተነን ጻዕርን ዘኪይዱሉ ዒኢታ ዝንድሎ'ዩ። ነዚ ሃጓፍ ንምምላእ ዝዋለመ ወሀድ ኣገባብ ስርዓተ-ኣመሃህራ ድማ ተቐባልነቱን ተግባራውነቱን እናዓዘዘ ይኸይድ ኣሎ። ብልጫ ናይዚ ዝተመሓየሸ ኣገባብ፡ ወሀድ ምኻኑ ጥራይ ዘይኮነስ እዚ ዝርእ ዘሎ ቅልጡፍ ተክኖሎጅያዊ ኹጓስ ዓለምና ኣደኒሆ ዝበረ ምኻኑ'ዩ። 'ስተም' ከምኡ'ውን 'ስቲም' ድማ ካብ ቀንዲ መለለዩ ናይዚ ወሀድ ስርዓተ-ኣገባብ ትምህርቲ እየን።

ስተም (STEM) ናይ እንግሊዝኛ ኣሕጽሮተ-ቃላት ናይ ዓውድታት ስፍልጠት፡ ተክኖሎጂ፡ ምህንድስናን ቁጽርን ምኻና ይፍለጥ። ስቲም (STEAM) ትብል ኣሕጽሮተ-ቃላት'ውን ተመሳሳሊ መንፈስን ዕላማን ዘለዋ'ኳ እንተኾነት ፍልይ ዘበለ ባኢታ ግና ኣለዋ። እታ መፍለይት ድማ እታ 'ኤይ' (A) ትብል ንጥበበን ክእለትን (Arts) ትውክል ናይ እንግሊዝኛ ፊደል'ያ። ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ኣሕጽሮተ-ቃላት ይኹን ወካለአን ዘሎ ፍልልይ ብዝበኡ ክትግንዘቦ ምኽኣል ድማ ጠቓምን ኣገዳስን እዩ። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ከኣ ይስዕብ።

### ስተም፡ ኣተኩሮኡን ቀንዲ መለለዩታቱን

እዚ ኣገባብ ስፍልጠተኛታትን መሃንድሳትን ኣብ ግብራዊ ስራሕ እንታይ ይዕዩን ዕዮኦም ብኸመይ የሰላስልዎን ጸብራቕ ንምሃብ ዕላማ ብምግባር ዝምዕበለን ዘውደንን ስርዓተ-ትምህርቲ እዩ። ተማሃሮ ከኣ ሕቶ ክሓቱ፡ ሓሳቦም ክፍትኑ፡ ኑቲ ዝረኸብዎ ወጽኢት ክትንትኑ ከምኡ'ውን እናተማሃሩ ኑቲ ዝረኸብዎ ምላሽ ክኽልሱ ይተባብዖ። በዚ ኣገባብ ዝተመልመለ ተማሃራይ ድማ ኣብ ስራሕ ዓለም ኣድማዒ ናይ ምኻን ተኽእሎኡ ልዑል'ዩ። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ረቛሒ ናብ ስራሕ ዓለም ኣብ ዝጽንበረሉ እዋን ኑቲ ክገጥሞ ዝድለ ብድሆታትን ኣገባብቱን ተፋሊጥዎ ስለዝጸንሐ'ዩ። ኣብዚ ኣደናቒ ተክኖሎጅያዊ ምህዞ መዓልታዊ ዜና ኮይኑሉ ዘሎ እዋን ይኹን ዝስዕብ መዋእል ድማ እዚ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ኣመሃህራ ዝያዳ ኣድማዒ ከምዝኸውን ኣየካትዕን።

ኣብ ስተም ዝተኩር ኣገባብ ኣመሃህራ ኣደህቦኡ ኣብ ተኽኢካዊ ወጽኢት'ዩ። እቲ ናይ ትምህርቲ ክፍሊ-ግዜ ከኣ ሓደ ነገር ይጽዱ ዶ ኣይዓይን ንኣብነት ኩብደት ክሰከም ዝተሰርሐ ነገር ኑቲ ኩብደት ይስከም ዶ ኣይስከምን፡ ስርዓተ-መብራህቲ ክትውላዕ ትኽእል ዶ ኣይትኽእልን ወዘተ የተኩር። መዓቀኒ ናይ ዓወት ከኣ ብቐዓት፡ ልክዕነት ከምኡ'ውን ዝተወሰኑ መግዘኒታት ከተማልእ ምኽኣል'ዩ።

ቀንዲ መለለዩታት ናይ ስተም ትምህርቲ

- ኣብ ግብራዊ ትምህርቲ፡ ፈተነ ምኪያድ፡ ምምርማርን ሞንታዊ ምኽንያትን የተኩር
- ተማሃሮ፡ ኣምራት እንታይ ምኻኖም ንክርድኡ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ክዉን ህይወት ብኸመይን ስለምንታይን ንጥቀመሎም ንክርድኡ ይሕግዝ
- ዳታ፡ ተክኖሎጂ፡ ስፍልጠታዊ መትከላትን ቁጽራዊ መኸትን ብምጥቃም ኣብ ክዉን ህይወት ናይ ዘሎ ሞያዊ ዕማም ጸብራቕ ይፈጥር
- ግድል ናይ ምፍታሕ፡ ናይ ትንተናውን ፈጠራውን ኣተሓሳስባ ዓቕሚ የሐይል
- ንተማሃሮ ቅልጡፍ ኹጓስ ኣብ ዘርኢ ዘሎ ተክኖሎጅያውን ስፍልጠታውን ዓውዲ ዝኸ ሞያ ንክህልዎም የዳሉ
- ትምህርቲ ኣገዩ ተዛማዲ፡ ኣሳታፊን ብዕላማ ዝድረኽን ከምዝኸውን ይገብር

### ስቲም፡ ኣተኩሮኡን ቀንዲ መለለዩታቱን

እዚ ኣገባብ ከም መቕጸልታ ናይ ስተም ክርአ ዝከኣል ኮይኑ ንጥበብ ግምትን ፍሉይ ቦታን ዝሁብ እዩ። ኣብዚ ክንጸር ዘለዎ ግና እቲ 'ኣርትስ' ዝብል ወካሊ ከም ስእሊ፡ ንድፊ፡ መዚቃ፡ ቋንቋ፡ ፈጠራውነት ንዝበሉ ጥበባት ዝውክል ምኻኑ'ዩ። እዚ ጥበበን ሞያን ኣብ ተማሃሮ ከም ዝሰርጽ ምግባር ድማ ተኽኢካዊ ፍልጠት ናይ ምርዳእ፡ ምትግባርን ምትሕልላፍን ዓቕሞም ንምሕያል ዝሕግዝ'ዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ስቲም ኣገባብ ኣመሃህራ ሓንቲ ፕሮጀክት ኑቲ ዝተሓሰበቶ ዕላማ ከተሰላስል ምኽኣላ ጥራይ ዘይኮነ ዝተመላኸዐት ክትከውን ትድለ። ኣብ ገለ እዋን እቲ 'ኣርትስ' ዝብል ወካሊ ኣካል ማሕበራዊ ስፍልጠት ንዘኾኑ ከም ታሪኽን ጂኦግራፍን ከምዝውክል ይዝረብ'ዩ። እንተኾነ እዘን ዓውድታት ብዓውድታት ስቲም ንዝምዕበል ምህዞን ተክኖሎጅን ከምዝቕልጠ ዝድርኻ እየን ዝርኣያ። ንኣብነት፡ ምስ ኣከባቢ ዝቃዶ ምህዞን ተክኖሎጅን ንምምዕባል ጂኦግራፊ ኣገዳሲ ተራ ኣለዎ። ሕብረተሰብ ዝቕበሎን ዓገብ ዝበሎን ምህዞ ናይ ስሕብረተሰብ ፍልጠት የድሊ። ታሪኽ ንምውካስ ዝሕግዝ መተግበሪ (ኣፕሊኬሽን) ንምድላው ናይ ታሪኽ ኣፍልጦ የድሊ።


ቀንዲ መለለዩታት ናይ ስቲም ትምህርቲ


- ኣብ ባይታ ዝዓዩ ምህዞ ኪኖ ተኽኢካዊ ክእለት ከም ፈጠራውነት፡ ኣእምሮኣዊ ስእልን ምብህሃልን ዝኣመሰሉ ክእለታት'ውን ከምዝድልዩ ኣብ ግምት የእቱ
- ንትንተናዊ ኣተሓሳስባ ምስ ፈጠራዊ ኣገላልጻ ብምውህሃድ ኩሉ መዳያዊ ኣፈታትሓ ግድል የተባብዕ
- ተማሃሮ ንግድላት ብዝተፈላለየ ኣገባብትን ኣመለኻኽታን ክገጥምዎም የተባብዕ
- ትምህርቲ ኣሳታፊ ምእንቲ ክኸውን ዝተፈላለየ ኣገባብት ኣመሃህራ ክህሉ የተባብዕ
- ተማሃሮ፡ ስእሊ፡ ዛንታን ንድፍን ተጠቒሞም ሓሳቦም ኣድማዒ ብዝኾነ ኣገባብ ንኽመሓላልፉ ይሕግዝ

ብሓፈሻ፡ ትሕዝቶን ኣደህባን ናይዘን ክልተ ኣገባብት ማለት ስትም ከምኡ'ውን ስቲም ተመልኪቱ ኣሎ። እዘን ኣገባብት ፍልልይ ከምዘለወን'ውን ተመልኪቱ ኣሎ። ኣብቲ ፍልልይ ጥራይ ከንዲ ምትኳር ከኣ ኣብ መንጎአን ዘሎ ተመሳሳልነት ምጥቃስ'ውን ኣገዳሲ ስለዝኾነ ይስዕብ።

1. ልዑል ኣደህቦ ኣብ መሰረታውያን ዓውድታት፡ ክልቲኦን ኣገባብት ኣብ ስፍልጠት፡ ተክኖሎጂ፡ ምህንድስናን ቁጽርን ዝተሰረታ እየን። መጎታዊ ኣተሓሳስባ፡ ትንተና ናይ ዳታ ክፀኡ'ውን ስፍልጠታዊ መኸት ንተማሃሮ ዘድሊ ኣገዳሲ ክእለት ምኻኑ የስምራ።
2. ግድል ኣብ ምፍታሕ ዘተኩር ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ተማሃሮ ኣብ ባይታ ዘሎ ብድሆ ኣለልዮም ግብራዊ መፍትሒ ንኽምዕብሉ ምትብባዕ፡ ተማሃሮ ንኣምራት ክንዲ ዝሽምድድዎ ኣብ ባይታ ከምዝጥቀምሉ ምግባር። እዚ ከኣ ንትንተናውን መጎታን ኣተሓሳስብኦም ዘሓይል'ዩ።
3. ግብራውን ተመክሮኣውን ኣገባብ ኣመሃህራ፡ ክልቲኦን ኣገባብ ኣብ ፕሮጀክት ዘተኩር፡ ብምርምር ዝድርኽ ኣገባብ ኣመሃህራ ይኽተላ። እዚ ከኣ ተማሃሮ ንሓሳቦም ብፈተነ ንድፊን ዳግመ-ምምሕያሽን ከማዕብልዎ የኽእል።
4. ዝተፈላለየ ዓውድታት ዝሓቁፍ ወሀድ ትምህርቲ፡ ክልቲኦን ኣገባብት ሓያለይ ዓውድታት ብተናጸል ክንዲ ዝወሃባ ተወሃሂደን ንተማሃሮ ከምዝቕረባ ይገብራ። እዚ ከኣ ተማሃሮ ዝተፈላለየ ዓወድታት ኣብ ባይታ ከመይ ብወሃደት ይሰርሓሉ ንኽምሃሩ ይሕግዞ።
5. ንመጻኢ ዝበቅዕ ክእለት ምምዕባል፡ ተማሃሮ ንዘመናውን ዝመጽእን ኢንዱስትርታት ዘድሊ ከም ናይ ምምሃዝ፡ ምድግጋፍ፡ ምርዳእን ዲጂታዊ ንቕሓትን ዝኣመሰለ ክእለታት ንክህልዎም የኽእላ።
6. ኣተኩሮ ኣብ ምህዞን ፈጠራውነትን፡ ስቲም ብፍሉይ ንጥበብ ቦታ ትሁብ ኣገባብ'ኳ እንተኾነት ክልቲኦን ኣገባብት ምህዞ፡ ፈጠራዊ ኣፈታትሓ ግድል ከምኡ'ውን ፍታሕ ኣብ ምንዳይ መጥቀሳዊ ሓሳብ ምምንጫው ዘተባብዓ እየን።
7. ምድግጋፍን ጋንታኣዊ ዕዮን፡ ኣብ ክልቲኦን ኣገባብት ተማሃሮ ብጉንታ ስለዝሰርሑ፡ ናይ ምብህሃል፡ መሪሕነትን ምድግጋፍን ክእለታቶም ይሕይል።

እዚ ዝተጠቕሰ ፍልልያትን ምምሳልን ኣብ ግምት ብምእታው ኣየናይቲ ኣገባብ ምኽታል ይበልጽ ዝብል ሕቶ ክለዓል ባህርያዊ'ዩ። መብዝሕትኦን ሃገራት ዝኽተልኦ ኣገባብ ስርዓተ-ትምህርቲ ኣብ ስተም ዘተኮረ'ዩ። ሓደ ካብቲ ምኽንያት ድማ ስተም ኑቲ ከም ሃጓፍ ናይ ስተም ዝተገልጸ ንምምላእ ዝሰዓበ ብምኻኑ'ዩ። ኣብ ቻይና ንኣብነት እቲ ስርዓተ-ትምህርቲ ኣብ ስተም ዘተኮረ ክኸውን እንከሎ ከም ተወሳኺ ኣብ ዝዋሃብ ትምህርቲ ይኹን ብውልቂ ዝግበር ደገፍ ግና ኣብ ስቲም የተኩር። ኣብ ሃገርና'ውን ኑቲ ናይ ጥበብ ዓውዲ ንምሕቃፍ ዘድሊ ዓቕሚ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ስተም ምትኳር ዝሓሸ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኑቲ ናይ ጥበበን ምስኡ ዝዛመድ ዕማምን ከኣ ኣብቲ ንምሕያል ማስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዓሊሙ ብዝተፈላለየ ኣካላት ዝካየድ ንጥፈታት ኣተኩሮ ክግበረሉ ይከኣል። ካልእ እዚ ኣገባብ ኣመሃህራ ተግባራዊ ንምግባሩ ዘድሊ ዝተፈላለየ መሳለጥያታት ከምዘድሊ ዘዮማትእ'ዩ። ኣጋጣሚ ኮይኑ'ውን እዚ መሳለጥያ ዘይርከበሉ ኩነት ክህሉ ይኽእል'ዩ። ኣብዚ ምስትውዓል ዘድልዮ ነጥቢ እንተሃልዩ ድማ መሳለጥያ ስለዘይተረኽበ ኑቲ ኣብ ተማሃሮ ዘሎ ናይ ምምሃዝን ምፍጣርን ተኽእሎ ካብ ምዕቱ ምጥንቃቕ ከምዘድሊ'ዩ።



# ዝኽሪ መስከረም

## ብዛዕባ ገረብ ብሓኽላ - ሰነዳት እንታይ ይብሉ፧

ግርማይ ወልደግዮርጊስ (መንከኒኖ)

2ይን መወዳእታን ክፋል

ስርዓት ሃይለስላሰ ብሜላ “ገረብ ብሓኽላ” ንህዝቢ ኤርትራ ሓድሕድ እናጋጨወ ጎበጣ ንምውሓስ፡ ብኤርትራውያን መንእሰያት ኮማንድስ ዝተባህለ ሓይሊ ከምዘቘመን ክሳብ 1974 ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ እቲ ሓይሊ'ቲ ንሰውራ ኤርትራ ቀንዲ ዕንቅፋት ከምዝነበረን ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ኣንቢብናን። ምስ ግዜ እዞም ደቂ ሃገር፡ ተጋደልቲ ክልቲኦን ውድባት ተሓኤን ህግሓኤን ከምኡ'ውን ህዝቢ ብዝህቡዎም ዝነበሩ ምዕዶ፡ ንቕሓቶም ክብ እናበለ ነቲ ሜላ እናነቕሑሉ መጹ። ከም ኣብነት ኣብ ጥቅምቲ 1974 ካብ ህዝባዊ ሓይልታት ናብ ኮማንድስ ዝተላእከ መልእኽቲ ከምዘለዎ ነቕርብ፥

**ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ**

**ጥቅምቲ** 1974

ሰላምታን መጸዋዕታን ንኣሕዋትና ኮማንድስ ደቂ ኤርትራ ብምቕዳም፡ ብስም እታ ካብ ስቓይ ዘይወጽኣት ኣደ ኩላትናን ጠማሪትናን እንፈትዋን እንሰውኣላን ሃገርና ኤርትራ፥ ዓሚቕ ሕውነታዊ ናይ ልቢ ሰላምታና ይብጻሕኩም።

ንሕና ኣሕዋትኩም ተጋደልቲ ህ/ሓ/ሓ/ኤ (ሻዕብያ) ሸሕ'ኳ ፊት ንፊት ኣብ ዓውደ ውግእ ምሳኻትኩም ኣሕዋትና ንሓድሕድና ብዙሕ ግዜ ደም ክንፋሰስ ንውዕል እንተኾንና፡ እቲ መሰረታዊ ምኽንያት ናይዚ ዘፋልሰና ዘሎ ኣጸቢቕና ስለ እንፈልጥ፡ ኣብ ልዕሌኹም ቂምታን ጽልእን የብልናን። ሕጂ ግን ንሕናን ንስኻትኩምን ሓቢርና ክንመያየጠሉን ክንረዳዳኣሉን ዝግበኣና ጉዳይ፡ ምእንቲ'ታ ንኹልና ሓደ እትብጽሓና ሃገርና ኤርትራ ንኽንሰምር ግዚኡ ዝበጽሐ ኮይኑ ስለ ዝተሰምዓና ነዛ ሓጻር መልእኽትና ተቐበሉ።

ብሰሪ መሪር ጭቆና፡ ቅድሚ 10 ዓመታት ኣቢሉ ዝተመስረተ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፥ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ስለ ዘሰግኦ፡ እቲ ግዛኢ ስርዓት ምስ ጎይቶት ሃጸያውያን ኣመሪካን እስራኤልን ተማኺሩ፥ ናይ ኮማንድስ ፍሉይ መሰልጠኒ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ከፊቱ። ናይዚ መሰልጠኒ ማእከል መኽፈቲ ምኽንያት፥

1ይ - “ፈላሊኻ ግዛእ” ዝብል ናይ ምምቕቓል ዕላማ (ሕጂ'ውን ስርዓት ደርግ ዘቐጽሎ ዘሎ) ንህዝቢ ኤርትራ ንሓድሕዱ ኣፋሊሶም፡ ከጻልእዎን ከረሓሕቕዎን'ሞ ብዛዕባ ጉዳይ ሃገሩ ከም ዘይመያየጥን ዘይመኻኸርን ምግባር፣

2ይ - ተጋደልቲ ናብራኦም ኣብ ሩባን ኩርባን፥ ዱርን በረኻን ስለዝኾነ፡ ነዚ ዓይነት ናብራ'ዚ ዝኽእሉዎ ብዙሕ ትምህርትን ንቕሓትን ዘይብሎም ኣሰልጢንካ፡ ነቶም ንሓንቲ ሩባ ኤርትራ'ኳ ብድፍረት ክሰግሩ ዘይክእሉ ጦር ሰራዊት ኢትዮጵያ ምእንቲ ክመርሑዎምን ከርእዩዎምን ብምሕሳብ እዩ።

3ይ- በቲ ቅድም ግዜ፡ ጅብሃ (ተሓኤ) ኣብ ልዕሊ ደቂ ከበሳ ዝገብሮ ዝነበረ ግፍዒ እናሸቀጥካን ኣጋኒንካ እናተዛረብካን፡ ብሓፈሻ ንህዝቢ ከበሳ ብፍላይ ከኣ ንህዝቢ ክርስትያን፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ መታሕት ጽልኢ ከም ዘሕድሩ ገይርካ፡ ነቲ እንግሊዝ ፈቲኑ ዘይተዓወተሉ፡ ኣብ መንጎ ኣስላምን ክርስትያንን ኣጉዱዎ ዝነበረ ሓዊ ኣባሪዕካ፡ ሃይማኖታውን ዓሌታውን ፍልስልስ ንምእታው።

4ይ- በቲ ሽዑ ዝነበረ ናይ ከተማ ሸቕለተ ኣልቦ ምብዛሕን ፋብሪካታት ምዕጻውን፡ ከምኡ ከኣ ኣብ ገጠር ዘወረደ ጥሜትን ሽግርን፡ መግቢ ዕለት ስኢኑ ቀንፊዘው ዝብል ዝነበረ ጎበዝ፡ ኣብ ኮማንድስ ብምኽታብ ኣሕዋቱ ንምቕታል ድሕር ከም ዘይብል ምግባር ነበረ። ‘ክበልዕ ዝበለ ገደል ኣፉ’ ከም ዝበሃል ድማ፡ ‘ክታበት ኣሎ’ እንተበሉዎ፡ ጎበዝ ከበሳ ድሕር ከይበለ፡ ኣብዚ ንኣሓዋቱ ከጥፍእ ተዋዲዱሉ ዘሎ መፈንጠርያ ኣተወ። እቲ ዝበልዖ ዘሎ ገንዘብ ዝኑብሮ ዘሎ ናብራ ግን፡ ተዘካር ናይ ኣሕዋቱ ምኻኑ ኣይተሰቀሮን።

ጨቃኒ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ወግሐ ጸብሐ ፕሮፖጋንዳ እናነፍሐ፡ ኮማንድስ ንተጋደልቲ ከም ጸላእቲ ከምዝርእዩን ብኣዕራብ ዝተላእኩ'ዮም ኢሎም ከምዝኣምኑን ገበረ። ክልተ ኣሕዋት ደቂ ሓንቲ ሰበይቲ ከኣ፡ መመዛገቦም ሒዞም ንሓድሕዶም ከም ዝቃተሉ ገበረ። ብፖለቲካ ዝነቕሐ ህዝቢ በዚ ነገራት እዚ ከቢዱ ሓመመ። ኣደ ክልተ ብጥይት ሓድሕድ ዝጣፍኡ ኣሕዋት ኩምትር ኢላ ኣምዑታ ሓረረ።

እምበኣርከስ ኣሕዋት፡ ነዚ ኣብ መንጎ ክልተና ዘሎ ጋግ ደልዲልና ክንራኸብ እንኽእል፡ ነቲ ጋግ ዝፈጠሮ ጓና ካባና ምስ እነልግሶ ጥራይ እዩ። ሕብረትን ስኒትን እንተሎ ከኣ ኩሉ ከም ዝከኣል ፍለጡ። ንሕና ኤርትራውያን ዘየሐብርን ዘየሳንን ፈውሲ መዓስ ሃሊዩና።

ዝኾነ ኮይኑ ናይ ኤርትራ ጸገም ተዛሪብካ ኣይውዳእን'ዩ እሞ፡ ነዚ ኩሉ ጸገም ተረዲእና፡ ኩላትና ኤርትራውያን ተጋደልትናን ኮማንድስና ፖሊስናን ነጨለባሽናን (ምልሻ) ብሓደ ተጠሚርና ኣንጻር ጨቋኒት ኢትዮጵያ እንስለፈሉ፡ ንናጽነት እንዕጠቐሉ ግዜ ስለዝኣኸለ ሃየ ንተዓጠቕ! ንፋቐር! ንሰመር! ጸላኢናን ፈላላይናን ፈሊጥና፡ ካብ ሃገር ነውጽኣዮ።

ኣብ መደምደምታ ጽሑፍና፡ ንክቡራት ኣሕዋትና ኮማንድስ ክንብሎ እንደሊ - ሰልፊ ህዝባዊ ሓይልታት ናይ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ፥ ብዘይ ጾታ፡ ሃይማኖት፡ ወገንን ፍልልይ፡ ናይ ሰራሕተኛ፡ ሓረስታይ፡ ወተሃደር፡ ተማሃራይ ወዘተ ስለዝኾነ ኮማንድስ ኣሕዋትና'ውን ኣብዚ ሰልፊ'ዚ ኣቲኹም ኣካል ናይዚ ሰልፊ'ዚ ንምኳን ምሉእ መሰል ከም ዘለኩም ፈሊጥኩም ተፋቒርና፡ ሰሚርና፡ ተመያይጥና ጸላእትና ፈሊጥና ካብ ሃገርና ነውጽኦ። እዚ ኣጋጣሚ'ዚ ብዝምልከት ግና፡ ኣደዳ ጸላኢ ኮይንና ደቅና ክረግሙና ከም ዘኑብሩ ዝተረጋገጸ እዩ።

ስምረትን ዓወትን ንምሉእ ህዝቢ ኤርትራ

ውድቀት ንፈላላይትን ጨቆንትን

ፖለቲካ ናቱ ምዕራፋት፡ መድረኻትን ገጻትን ኣለዎ። እስኪ ናብቶም ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ዝጠቐስናዮም ንኮማንድሳ “ናብዚ ደረጃ'ዚ ዘብጽሑዎ” ተባሂሎም ብእንደራሴ (ምስሌነ) ንጉስ ኢትዮጵያ ሃይለስላሰ ኣብ ኤርትራ ልዑል ኣስራት ካሳ ዝተመስገኑ መጆር ጀነራል ዘርኢማርያም ኣዛዚ ንኺድ።

መጆር ጀነራል ዘርኢማርያም ኣዛዚ፡ ኣብ 1975 ወዲ 52 ዓመት ኣቦ ዝኑብሩ ኮይኖም፡ ን27 ዓመታት ዝኣክል (ካብ 1941-68) ኣብ ፖሊስ ሰራዊት ዘገልገሉ እዮም። ካብ 1954-1960 ምክትል ሓላፊ ፖሊስን ኮማንድስን፣ ካብ 1960-69 ዋና ሓላፊ ፖሊስን ኮማንድስን፣ 1969-1971 ኣባል ናይ ወሳኒ ቤት ምኽሪ ኢትዮጵያ፡ ካብ 1972-1974 ኣብ ጋና ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ኮይኖም ዘገልገሉ እዮም። ስርዓት ደርግ ብዕልዋ ናብ ስልጣን ድሕሪ ምምጽኡ ከኣ፡ ካብ ጋና ተጸዊዖም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተጠባባቒ ኣምባሳደር ኮይኖም ክጸንሑ ተነግሮም። ኣብ ሓምለ 1975 ድማ ምስ ክልተ ደቆም ናብ ህዝባዊ ግንባር መጺኦም። ናብ ሜዳ ምስ መጹ፡ ናብቶም ብቐረባ ዝፈልጥዎምን ዝመርሕዎምን ዝነበሩ ናይ ኤርትራ ፖሊስን ኮማንድስን፡ ጻውዒት ክገብሩ ሓቲቶም፡ ተፈቒዱሎም፡ ነዚ ዝስዕብ ኣዋጅን ስምዕታን ድማ ናብ ኮማንድስን ፖሊስን ልኣኹ፦

**ኣዋጅን ስምዕታን ንኣሕዋት ናይ ኤርትራ ፖሊስ ኮማንድስ**

**ካብ መጆር ጀነራል ዘርኢማርያም ኣዛዚ**

ክተት- ክተት- ክተት!

ምስ ተቓለስቲ ንናጽነት ሃገርኩም ኤርትራ፥ ምስ ጀጋኑ ኣሕዋትኩም ተሰለፉ። ግዜ እንከለኩም ግዜ ኣይትጸበዩ። ሸሕ'ኳ ኣብዚ ዝሓለፈ ግዜ ዕድል ኣጋጢሙኒ ብጋህዲ ክገልጸልኩም እንተዘይከኣልኩ፥ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ምኽንያት ዝተቐጸርኩሙሉን ዝሰልጠንኩሙሉን ነዚ ሎሚ ጎሊሑ ዝርአ ዘሎ ኩነታት ከምዝኾነ ክበርሃልኩም ይግባእ።

“ዓድኻ ክዝመት ዓይንኻ ኣይተዓመት” ዝብል ባህላዊ ሕጊ ኣይትዘንግዑዎ። ዝሓለፈ ኩሉ ንረስዖ። “ዓስከር ዘርኢማርያም - ኣብዑር ዘርኢማርያም” እናተበሃልኩም፡ በቶም ንኣይ ዝተክኡኒ ኣእዱግ ኣሕሉቕኩም እትጽውዑሉ ዝነበርኩም ግዜ ተረሲዑ ድዩ፧ ክርሳዕ ዘይግበኦ ነገር'ዩ።

እምበኣር ናብ ቁምነገር ንመለስ። ካብቲ ዝፈቱዎ ሃገረይ ኤርትራ ድሕሪ ናይ ነዊሕ ዓመታት ስደት፡ እነሆ እንደገና ናብ ዝፈትዋ ሃገረይ (ኤርትራ) ተመሊሰ'ለኹ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ጎቦታት ኤርትራ ኣብ መንጎ ጀጋኑ ተጋደልቲ ናጽነት ኤርትራ ኣሕዋትኩም ይርከብ ኣለኹ። ንደገ ምውጻእ'ኳ ካብቲ ዝነበርኩዎ ሃገር ኢትዮጵያ መጥዓመለይ ነይሩ፥ እንተኾነ ግን ናብ ሃገረይ ተመሊሰ፡ ምስቶም ዝኣምኖም ተጋደልቲ ኣሕዋተይ ኮይነ ንክጋደል ዘገደደኒ ምኽንያት፡ ገና ናታትኩም ናይ ኮማንድስ ጉዳይ እዩ። ምኽንያቱ ድማ እዚ ዝስዕብ እዩ።

1ይ - ህዝቢ ኤርትራ ብምሉኡ፡ ምስ ጀጋኑ ደቁን ኣሕዋቱን ተሰሊፉ ኩብቅዕ፡ ንስኻትኩም ግን እንተ ብግርህና እንተ ብሸለልትነትን ተደናጊርኩምን ናይ ገዛእቲ ኣኽላባት ኴንኩም ምስ ጸላኢኹም ጎድኒ ጎድኒ ተሰሊፍኩም ትቐትሉዎን ንብረቱ ትዘርፉዎን ትቃጽልዎን ኣለኹም። ዘገርም እዩ፡ ገዛእቲ፡ ሃገርና ኣይፈልጡዋን እዮም። ንስኻትኩም ዓቐበቱ፡ ቁልቁለቱ፡ ጎቦታቱ፡ ማዩ፡ ጸሓዩ ወዘተ እናኣርኣኹምን እናሓበርኩምን ናይ ወራሪ ዓይንን እዝንን እግርን ኴንኩም ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ኣሕሊፍኩም ትህብዎ ምህላውኩም ንነፍሲ-ወከፍኩም ይዘከርኩም። በዚ እትፍጽምዎ ዘለኹም ተግባራት፡ ምሉእ ህዝቢ ዓለም ይኹንንኩም ኣሎ። ጌጋኹም ንኽትእርሙ'ውን ብናይ ትዕዝብቲ ዓይኒ ይጽበየኩም ኣሎ።

2ይ- መሕልፎ ብዙሓት ናይ ሰላማዊ ፖሊስ (Formal police) ብዘይካ ጓንዴን ሽጉጥን ዝሓዙዎ ዘይብሎም፡ በብዝነበርዎ ከቲቶም ምስ ኣሕዋቶም ተጋደልቲ ተሰሊፎም ንጸላኢ ይዋግኡ ኣለዉ። ንስኻትኩም ግን እዚ ኹሉ በብዓይነቱ መሳርያ ኣብ ኢድኩም እንከሎ፡ ናይ መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ዓቀይቶት ኮይንኩም ትርከቡ ኣለኹም፡ ሞት ይሓይሽ!

3ይ - ምናልባት ነዚ ዝብለኩም ዘለኹ “ንምንታይ ቀደም ዘይበለና፧” ትብሉ ትኾኑ። ናይ'ዚ መልሲ ከኣ፡ በቲ ግዜ'ቲ ኩነታት ኣይበሰለን ነይሩ። እቲ ካብ ነዊሕ ግዜ ጀሚርና እንጽበዮን እንቀራረበሉን ዝነበርና ኩነታት ከኣ ሎሚ ተወሊዱ።

4ይ - እዘን ዘታልላኹም ዘለዋ ዝተወሰኻልኩም ዘይረብሓ ናይ ገዛእቲ ደሞዝ፡ ድሕሪ ሓጺር ግዜ ኣይክትረኽቡወንን ኢኹም። ምኽንያቱ ድማ ወሃብተን ኣይክህልዉን ኢዮም። ሱር ወራሪ ሓይሊ፡ በቲ ድሕር ዘይብል ሓይሊ ህዝብን ተጋደልትን ናጽነት ኤርትራ፥ ካብ ሃገረ ኤርትራ ተበንቂሱ እዩ።

5ይ- ንስኻትኩም ከኣ ብነፍሒ ጸላእን ብግዝያዊ ጥቕምን ልብኹም ደንዚዙ ዓይንኹም ዒሩ፥ እዝንኹም ጸሚሙ'ምበር ግፍዕኛ ወራሪስ ስዕረቱ ኣብ ኤርትራ ድሮ ፈሊጡዎ ኣሎ።

6ይ - በዚ ትፍጽምዎ ዘለኹም ዓቢ በደል፡ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ክኹንነኩም እዩ። ታሪኽኩም ኣይተጸልመ፥ መሬት ከይጸልመተ እንተሓሰብኩሙሉ ይሓይሽ። ከምዚ ዘለኹሞ እንተደኣ ቀጺልኩም ጽባሕ ንግሆ ህዝቢ ኤርትራ ደቅኹም'ውን ከይተረፈ ከዋጥርኹም እዮም። ኣብ መጻኢት ነጻ ኤርትራ'ውን ቦታ ኣይክትረኽቡን ኢኹም። ምናልባት ከም ኣድጊ “ክሳብ ዘለኹ እበልዕ፡ ኤርትራ ነጻ ምስ ወጽኣት ድማ ምስ ገዛእቲ ከይደ ምስኦም እነብር” ዝብል ኣጉል ሕልሚ ክይህልወኩም። እዚ ግን ካብ መሰረቱ ግጉይን ክሸውን ዝይከኣልን ምዃኑ ክበርሃልኩም ይግባእ። ምኽንያቱ ገዛእቲ ስዕረቶም ዘይተርፍ ምዃኑ ምስ ኣረጋገጹ ብሕርቓርቓት ነቶም ናቶም ተኣመንቲ መሳርሒ ዝኾኑ ደቀባት ብቐዳምነት ጠሪሾም ንኸጥፍእዎም (መፍደዩ ሕነ ክገብርዎም) ብምስጢር ተወዲቡስ ድሮ'ኳ በብቑሩብ ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ይርኣዩ ኣለዉ። እዚ ዝገብሩሉ ምኽንያት ከኣ “ደይ ኩሎም ሓደ'ዮም” ዝብል እምነት ስለዘለዎም እዮም።

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ወዛም ገጽ፡ ተካል ገጸ

ስምኦን ወልደሚካኤል

ሓቀኛ ጽባቐ ካብ ቅንዕናን ንጽህናን እዩ ዝፍልፍል።



ሓቀኛ ጽባቐ ምስቲ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ዘሎካ ክብረት ብብዙሕ መዳይ ዝተተሓሓዘ'ዩ። ሰብ ኣብ ባዕሉ ብዘሎዎ እምነትን ብዝኽተሎ ክብርታትን ክጸባበቐ እንክሎ ዝፍጠር ጽባቐ ሓቀኛ ስለ ዝኾነ መሆኑ'ዩ። ኣብዚ ብዙሕ መመላኽዒ ኣብ ዕዳጋ ዝርከበሉ ዘሎ ዘመን፡ ብኣንጻሩ ባህርያዊ መልክዕ ከኣ ካብ ገጽ ሰብ ጠፊኡ። መልክዕ ተሓጢጡ ጠፊኡ እዩ። ወዮ ደኣ ከም ኣብ ሕርሻ እንናበር ሕብረተሰብ መጠን ኣድህቦና ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ጌርናዮ እምበር፡ መቦቀላዊ መልክዕናን ወጅህናን ተሓጢሑ ከይከይድ ንዕኡ ዘዐቁር ዛላ ክንዛሊ ምስ ተገብአ። ከብዲ ጸጊባ ዓይኒ እንተ ጠምያ ዘሎ ርሃብ ኣቕሊልካ ክርአ የብሉን።

ቀደም ዘመን መልክዕ ርኹባትን ስኡናትን ብማዕረ ዘውንንዎን ዘስተማቕርዎን ጸጋ እዩ ነይሩ። ሎሚ ግን እቲ መልክዕ እውን ከም መግቢ እናተወሓሓደ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ። እቲ ንጥዕና ዘዕንግል ጠጥዕዩ መግቢ (ኦርጋኒክ) ዝበሃል ኣብ ፈቖዶ ቤት ከም ዘየለ እቲ ንዓይኒ ዝምግብ መልክዕ እውን ፈቖዶ ገዛ የለን። ቀደም ዘመን መልክዕ ሰብ ኣብቲ ተፈጥሮ ዝሰርዖ ሜዳ ናይ ህይወት ተወዳዲሩ እዩ ዝወጽእ ነይሩ። ሎሚ ግና ገጽ ሰብ ብፍላይ ከኣ ናይ ኣዋልድ ሓያል ወፍሪ ዝሓትት ዝተወሰነ ናይ ብሕቲ ኩባንያ PLC ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ልዕሊ ክሳድ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ ብፍላይ ኣብ ጨጉሪ ርእሲ፡ ዓይኒ ምስ ተለቃቢ ቀርኒብን መኮሓሓሊኡን፡ ኣብ ከናፍርን ምዕጉርትን ዝልከ ቀለማትን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበዝሐ ይኸዱ ከም ዘለዉ ገጽ ኣዋልድና ምርኣይ ጥራይ እኹል'ዩ።

ኣብ ኣውቶቡስ ተሰቒለ ናብ ስራሕ ኣብ ዝኸደሉ ሰዓታት፡ ብኣጋጣሚ ዝተላለኽዋ ጓል ንጽባሒቱ ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓትን ቦታን ምስ ተራኸብና ናይ እዝግሄር ሰላምታ ጥራይ ሂበያ ደው ምስ በልኩ፡ ስለ ዘይተዋሕጠላ "እንታይ ደኣ ጋጊኻኒ ዲኻ ዋላ ከምኡ ኢኻ፧" በለትኒ። መስአ ዝመስል ኣጽፋራ ትወራውሮም ስለ ዝነበረት፡ ብኑብሰይ ከኣ ጸፋር ጓል ስለ ዘይፈቱ ኑብሰይ እርንብ ኣቢለ፡ "ይቕረታ ጋግየኪ ኣለኹ፡ ኣበይ ኢና ንፋለጥ፧" በልክዋ። ደስ ስለ ዘይበላ "እሞ ንርእስኻ ከም ምድሪ ቤት ንግሆ ንግሆ ትኹስትር ኣላትካ፡" ምስ በለትኒ፡ ሕርቃን ዝርው በለኒ። ነቲ ዝበለትኒ፡ 'ሓንጎልካ ጥር ዝብል ሓበሬታ የብሉን' ብማለት ገይረ እየ ተርጒመዮ። ብናይ ዑቱባት ቃና፡ "ኣበይ ኢና ንፋለጥ ንገርኒ፧" ምስ በልክዋ፣ "ትማሊ ምሸ...፡" ኢላ ኣዘኻኸረትኒ። እታ ጓል ግን ብዘይካ ስማ ዝኾነ ነገር ካብቲ ትማሊ ዝነበረቶ ምስኣ ኣይነበረን። 'ትማሊ ከደረይቲ ሎሚ ግን ብጫ ኢኺ ትመስሊ ዘለኺ፡' ክብላ ሓሲበ'ኳ እንተ ነበርኩ ኣይደፈርኩን። ንጽባሕ ጽባሕ ዝቀያየር መልክዓ ከለሊ ብዘይ ምኽኣለይ ከም ዓዋን ተሓሲቡለይ ይኸውን። ዘመነ ቅያር ክዳን ብቕያር ገጽ ተሰንዩ፡ ቀዋሚ ዝበሃል ነገር ዘይብሉ ተቐያያሪ ዘመን የኸላብትና ኣሎ።

"ናብ ዕዳጋዶ ትወርድ ኢኻ
እወ ክወርድ እየ
የቐንየለይ ዝሓወይ ሽኮር ተማልኣይ"

ዝብል ባህላዊ ደርፌ ሕብረተሰብና መውጽኢ ኣፍና'ዩ ዝነበረ። ሕጂ ግን 'ሽኮር ተማልኣለይ' ትብለካ ጓል ኣይትረክብን ኢኻ። ከብዳ ገዲፋ ገጻ ከተጸብቕ እያ ትደሊ። ስለዚ፡ እታ ባህላዊት ደርፌ ናብ "ንዕዳጋዶ ትወርድ ኢኻ/ እወ ክወርድ'የ/ የቐንየለይ ዝሓወይ፡ መጸባበቒ ተማልኣይ፡" ተቐይራ ኣላ። ሎሚ ጓል ንሓዋ፡ "ዝሓወይ ሽኮር ተማልኣይ፡" እንተ ኢላቶ፡ "ናይ ገጽ ድዩ ናይ ከብዲ፧" ኢሉ ክሓትት ግድን እዩ። ምኽንያቱ እቲ ሽኮር ናይ ቀደም ንሻሂ ጥራይ'ዩ ነይሩ። ሎሚ ግን 'ስክራብ' ተባሂሉ ኣብ ገጽ ዝልከ እውን ኣሎ። ስለዚ፡ ቢኬሪ ሻሂ ይዓርዕር ገጽና ግን ይሸኩር ዝበሃለሉ ዘመን ኢና ንነብር ዘለና። እቲ ዝኸፍአ ከኣ ከም ጓል እገለ ወይ ሰይቲ እገለ ክመስል'የ እኳ ከይበሃል ንሓንቲ ኣብ ፌስቡክ ወይ ኣብ ኢንስታግራም ተለጢፋ ዝረኣኽዋ ስእሊ ክመስል'የ ተባሂልለይ እዩ ሓኾት ዝበሃል ዘሎ።

'መልክዕ ደኣ ሃበኒ እምበር ውሕልነትሲ ካብ ጎረቤተይ ይልቅሑ፡' እትብል ምስላ፡ ሓንቲ ካብተን ግዜ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ (ኤክስፓየር) ዝገበረን ምስላታትና እያ። ኣብዚ እዋን ገንዘብካ ሒዝካ ናብ ዕዳጋ ምውራድ እምበር፡ 'መልክዕ ሃበኒ' ኢልካ እትምህለሉ ግዜ ኣይኮነን። ምጽብባቕ ሎሚ ንባህርያዊ ውልቃዊ መንነትካ ንምቕታል ዝግበር ዝተወደበ ውጥን እዩ። ነቲ ብተፈጥሮ ዝተዋህበካ ፍሉይ መልክዕ ምምልኻዕ ዝቃወሞ የለን። እቲ ተጸሊኡ ዘሎ መልክዕካ ሓጢጥካ ደርቢኻ፡ ካልእ ምምሳል'ዩ። ዘመናዊ መጸባበቒ ንመበቆላዊ ጽባቐ፡ ንኽብርን መንነትን ንምድምሳስ እምበር፡ ንጽባቐ ንምህናጽ ኣይተሰርሐን።

እቲ ዝዓበየ ጸገም ናይ'ተን ክጽብቓ ክብላ ዝጭምልቓ ዘለዋን ጽቡቓት ኢና በሃልትን ዝተሓላለኸን ንምርድኡ ኣጸጋምን እዩ። እንተ ጠመትካየን "ጠሚቱኒ" ኢለን ነብሰን የልዕላን ነቲ ጠማቲ ከኣ ግዳይ ጽባቐአን ዝኾነ ሰነፍ ገይረን ይጽብጽብኦ። ረጊጽካየን ቁሊሕ ከይበልካ እንተ ሓሊፍካ ከኣ ነብሰን ኣትሒተን ክሕነቓ ይደልያ፣ ንዓኻ ከኣ ከም ትዕቢተኛ ወይ ጽባቐ ዘየለሊ ዓዋን ገይረን ይሓስባኻ ምኻነን እዩ። ሓንቲ ብኬሚካል ዝተለቐለቐት ጓል፡ ካብቲ ኣብ መስትያት ዝረኣየቶ ዘይመልክዓ መልክዕ ተበጊሳ ዓለም ብምልእታ ዓይኒ ተቐይራ ተሃኒና ትጠምታ ዘላ እዩ ዝመስላ። ነዚ ናይ ሓሶት ልዕልና ከይሰገደ (ከይጠመተ) ዝሓልፍ ቀዳማይ ደረጃ ጸላኢ እዩ ዝጽብጸብ።

ዘመናዊ መጸባበቒ ንመልክዕካ መድመቒ ዘይኮነስ፡ ንተፈጥሮኣዊ መልክዕካ ዝድምስስ ወይ ከኣ ዝኽውል መጋረጃ እዩ። ብሰንኪ'ዚ መጋረጃ'ዚ ከምቲ ዝኾንኦን ዝመስልኦን ክንርእየን ዘይከኣልና ብዙሓት ኣዋልድ ኣለዋ። ብናፍቖት ተፈጥሮኣዊ ገጽ ዝማሰነ ሕብረተሰብ ከይፍጠር ዘስግእ ኩነታት'ዩ ዝፍጠር ዘሎ።

ኣብ ንግደት ናይ ሓደ መሳርሕትና ምስ ደቂ ስርሐይ ይኸደልኩም። ሓንቲ ከደረይቲ ጓል ምስ መሓዙታ ክትነግድ ኢላ ናብቲ ገዛ ትኣቱ። ብፍጥረተይ ከምቲ ዝብርሃኒ ሕብሪ ገጽ ስነ ዝነበራ ኣዒንተይ ኣብ ገጻ ወዲቖን። ኣፍ ግን ኣይከፈትኩን። ድሓን ትእቶ ሓንቲ ኣደ፡ "እዛ ጓለይ እዛ ገጽኪ ገለመለ ከይተዕልብላ ሓደራኺ" ኢለን ለበዋን ኣድናቖትን ሓዊሰን ምስ ተዛረብኣ ኩሉ ሰብ ኣፍ ከፈተ። ስዋ እናተሰትየ ኣረቂ እውን እግረ-እግሩ እናሰዓበ፡ ብዛዕባ ጽባቐን መጸባበቕን ገርሃዊ ዘተ ተኻየደ። ጸለምቲ ክንስና ጸላም ጓል ከም እርያ ወርቂ ሃሰስ ኢልካ ትርከበሉ ግዜ በጺሕና።

ንሓንቲ ጽብቕቲ'የ እትብል ጓል፡ ቁሊሕ ከይበልካያ ብምሕላፍ ኢኻ ትቕጽዓ ዝብሉኸ ሰሚዕኩምዶ ኣለኹም። ዓይኒ ወዲ ተቐሊባ ትውዕል ትሓድር ጓል ዓይኒ ወዲ ክዕጸዋ ማለት ሰማይ ከም ዝፈረሳ'ዩ። እቲ ንምጽብባቕ ዝፈሰሰ ወፍሪ ዓይኒ ዕዳጋ ክስሕብ እንተ ዘይክኢሉ ክሳራ'ዩ። እቲ ብከሚካል ዝተሃንጸ "ናይ ሓሶት መልክዕ" ነቲ ናይ ብሓቂ መልክዐን ክኽውሎ ከም ዘይከኣለ ከኣ የዘኻኽረን ይኸውን። ኣቱም ሰባት፡ ንምኳኑ ሰሓቢ መልክዕ ኣብ ኣበር ዘይብሉ ልምጸትን ብሩህ ገጽን ጥራይ እዩ ዝርከብ ዝበለ መን እዩ፧ ብዙሓት ተውጽኣለን ዘይብልካ "ጽቡቓት" ኣዋልድ፡ "ተካል ገጸን" ይበሃላ እንድየን ግዲ። መመላኽዒታት ብሓቂዶ ጽባቐ ይውስኹ ኣለዉ፧ ሰሓብነት ምንጩ ካብ ግዳም ድዩ ዋላ ካብ ውሽጢ፧

ሓቀኛ ጽባቐ ካብ ቅንዕናን ንጽህናን እዩ ዝፍልፍል። ጽባቐ ንጹህ ልቢ እዩ። ጽባቐ፡ እቲ ብተፈጥሮ ዝተዋህበካ መልክዕ ንምቕባል ድሉው ምኻን እዩ። ጽባቐ፡ ብዘይ መጸባበቒ፡ ከምታ ዘለኹዋ ረኣዩኒ ምባል እዩ። ሓቀኛ መልክዕካ ስኢኑ 'ተካል ገጹ' ዝብለካ ሰብ ብዙሕ እዩ።

ድምጻዊ የማነ ገብረሚካኤል (ባርያ)፡ ምጫወ ወይ ወዘነ'ት ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ብሓላፊ መገዲ ከም ዘይድፈር ከመልክት "ግርማ ጸልማት" ኢሉ መግለጺ ገይርሉ'ዩ። ገጽ ሰብ ብምጽዕዳው ጥራይ ኣይኮነን ብሩህ ገጹ ወይ ብሩህ ገጻ ዝበሃል። የማነ ባርያ ኣድናቖቱ ንመበቆላዊ ሕብሪ ቀርበትና ንምግላጽ፥

"ተፈታዊ ሕብሪ ኣፍሪቃዊ ቀርበት
መረጽኩኺ ኣነ ፈተኹኺ ኣነ
መረጽኩኺ ኣነ ንሓዳር ንኽብረት"

ብምባል ኣፍሪቃዊ ሕብሪ ተፈታዊ ምኻኑን ቀንዲ መምረጺኡን መፍተዊኡን'ውን ንሱ ምኻኑ ገሊጽዎ'ዩ።

መመላኽዒታት መልክዕና ዝድምስሱ፡ መንነትና ዘህስሱ፡ ኩርዓትና ዘንፍሱ መርዝታት እዮም። ውጽኢቱ ንብዙሕነት ኣጥፊኡ ንኣዋልድ ከም ደቂ ብዙሓት ዘይኮነስ ኩለን ሓደ ዓይነት መልክዕ፡ ሓደ ዓይነት ሕብሪ፡ ሓደ ዓይነት ዓይንን ከናፍርን፡ ሓደ ዓይነት ጨጉሪ ዘለወን ፍርያት ሓደ ፋብሪካ ኣምሲልወን ይርከብ። ናብ ልብና ንመለስ፣ ክዳንና ንምለስ፡ ሕብርና ንላበስ!





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ጎይትኦም ሃይለ ወ/ማርያም፡ ጓል ሓወቦይ ወ/ሮ ሳባ ብርሃ ወ/ማርያም፡ ቅድሚ 30 ዓመት ካብ ሃገር ምስ ወጸት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፍኣቲ ምኳና ደረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ን01/10/2026 ኣብ ቤ/ፍ ቀረበ። እንተዘቅራበኩ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ንሕብር።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ ኣልጋሽ ጸጋይ ኣሚን ምባል ተረፉ፡ ኣልጋሽ ጸጋይ ኣሞኖ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ጨረታ ጽገና ናይ ፕሪንተርን ፎቶ-ኮፒየርን

ቤት ጽሕፈት ጨን/ሚ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ንኣብ ውሽጢ ቤት ጽሕፈትና ዝለዋ 10 ፍቕዲ ናይ ፕሪንተር ከምኡ'ውን 07 ፍቕዲ ፎቶኮፕየር ጽገና ከካይድ ስለ ዝመደበ፡ ናይዚ ሞያውያን ክኢላታት ጽገና ንጨረታ ንዕድም።

ሞያውያን ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት

1. ናይ 2025 ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ።
2. ናይ (2024) ዝተሓደሰ ልቸንሳ ብፎቶኮፒ የቕርቡ።
3. ተጫረትቲ፡ መንነት ካርድ ወረቐት ብኮፒ የቕርቡ።
4. መኽበሪ ጨረታ 5,000.00 ናቕፋ ብ CPO የትሕዙ።
5. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን30 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መወዳእታ መበል 30 መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ተጫረትቲ ልክዕ ሰዓት 12:00 ፍርቂ መዓልቲ ይዕሸግን ይኽፈትን።
6. ተጫራቲ ሞያዊ ክኢላ ብኣካል የቕርብ ስራሕ ድማ ባዕሉ ይፍጽም።
7. ተጫራታይ ዋና ባዕሉ የቕርብ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪሉ ጥራሕ።
8. ዕዉት ተጫራቲ ድሕሪ ስራሕ ምፍጻሙ ንሓደ ዓመት ናይ ዝሰርሖ ምሉእ ውሕስነት ክሀሉ ንሕብር። ኣብ ነፍሲ ወከፍ 04 ኣዋርሕ ድማ ምሉእ ሰርቪስ ይገብር።
9. ቤት ጽሕፈትና ካብዚ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረክብ በዚ ጨረታ ኣይግደድን።
10. ንዝያዳ ሓበሬታ ድማ ብቑጽሪ ቴሌ. 541273/08534008 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ምውካስ ይከኣል።

ጨን/ሚ/ትምህርቲ
ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ

### ጨረታ ንጽገና ኣየር ኮንድሽን ብዝምልከት

ቤት ጽሕፈት ጨን/ሚ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ንኣብ ውሽጢ ቤት ጽሕፈትና ዘለዋ 13 ፍቕዲ ናይ Split A.C ከምኡ'ውን 7 ፍቕዲ window AC ጽገና ከካይድ ስለ ዝመደበ፡ ናይዚ ሞያውያን ክኢላታት ጽገና ንጨረታ ንዕድም።

ሞያውያን ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት

1. ናይ 2025 ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ የቕርቡ።
2. ናይ 2024 ዝተሓደሰ ልቸንሳ ብፎቶኮፒ የቕርቡ።
3. ተጫራታይ ሞያዊ ክኢላ ብኣካል የቕርብ፡ ስራሕ ድማ ባዕሉ ይፍጽም።
4. ተጫራታይ ዋና ይቕርብ፡ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪሉ ጥራሕ።
5. ተጫረትቲ፡ መንነት ካርድ ወረቐት ብኮፒ የቕርቡ።
6. መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ ብ CPO የትሕዙ።
7. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን30 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መወዳእታ መበል 30 መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ተጫረትቲ ልክዕ ሰዓት 12:00 ፍርቂ መዓልቲ ይዕሸግን ይኽፈትን።
8. ዕዉት ተጫራቲ ድሕሪ ስራሕ ምፍጻሙ ንሓደ ዓመት ናይ ዝሰርሖ ምሉእ ውሕስነት ክሀሉ ንሕብር። 1ይ ካብ ወርሒ 05/10/2027. 2ይ 05/10/2028
9. ቤት ጽሕፈትና ካብዚ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረክብ በዚ ጨረታ ኣይግደድን።
10. ንዝያዳ ሓበሬታ ድማ ብቑጽሪ ቴሌ. 541273/08534008 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ምውካስ ይከኣል።

ጨን/ሚ/ትምህርቲ
ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ

---

ብስም ኣቶ ተወልደብርሃን ተኽለይ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00004890 ቑጽሪ መዝገብ 00005388 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ ዓዲ/ከተማ ማዕረባ ዝርከብ ናይ ቤት መስተ ትካለይ፡ ንኣቶ ዓወት ሰለሙን፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ ዓዲ/ከተማ ማዕረባ - ተሌፎን 07606765፣ ካብ ዕለት 1/08/2026 ክሳብ ዕለት 31/07/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ የፍልጥ።

ተወልደብርሃን ተኽለይ

---

ብስም ወ/ሮ ትዕበ ማሰፍን ገብረትንሳኤ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00008336 ቑጽሪ መዝገብ 3/05/26 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደባርዋ ዓዲ/ከተማ ምስኣም ዝርከብ ናይ መግብን መስተን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ልችያ ገ/ስላሰ ኪዳ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደባርዋ ዓዲ/ከተማ መረብ - ተሌፎን 07900885 ካብ ዕለት 01/08/2026 ክሳብ ዕለት 01/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ትዕበ ማሰፍን

---

ብስም ወ/ሮ ገኑት ገብረመስቀል ወልደጋብር፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 3270 ቑጽሪ መዝገብ 2903 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ መሸጣ ዝርዝር ሃለኽቲ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣብዲት ተስፋሂወት ኣብርሃ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ፡ ተሌፎን 07203439፣ ካብ ዕለት 01/06/2026 ክሳብ ዕለት 31/05/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ የፍልጥ።

ገኑት ገብረመስቀል ወልደጋብር
ሕጋዊ ወኪል ቢኒያም ኤርምያስ

---

ብስም ወ/ሮ ኣብርሀት ተኪኤ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-0656 ቑጽሪ መዝገብ DAR-0555 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዑናበር ዝርከብ ናይ G22.-49 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ርግኣት ፍስሃ ገብረመድህን፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ሕሸማለ - ተሌፎን 07111024፣ ካብ ዕለት 22/06/2026 ክሳብ ዕለት 22/06/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ኣብርሀት ተኪኤ

---

ብስም ወ/ሮ ዘውዲ ክፍሉ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00010407 ቑጽሪ መዝገብ 00009041 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓረዛ ዓዲ/ከተማ ማይ ድማ ዝርከብ ናይ ዝርዝር ሃለኽቲ ትካለይ፡ ንኣቶ/ብርሃ መኮነ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓረዛ ዓዲ/ከተማ ማይ ድማ፡ ተሌፎን 07783299፣ ካብ ዕለት 07/08/2026 ክሳብ ዕለት 07/08/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ የፍልጥ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ኣስገደት ኣርኣያ፡ ኣቦይ ኣርኣያ በደይ ወልደጼንን ኣደይ ደመቀሽ መብራህቱን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይን 13 ደቂ መወትቲ ኣሕዋተይን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/09/26 ናብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ፋብሪካ በራ ኣስመራ፡ ንወነንቲ ብርኪ፡ ናይ 2025 ዓ.ም ብጽሒት (Dividend) ክኽፍል ስለ ዝኾነ፡ ኩሉኹም ሰብ ብርኪ እቶም ናይ ባንኪ ሕሳብ (Bank account) ዘይብልኩም ኣብቲ ባንክኹም ኬድኩም ሕሳብኩም ክትወስዱ፡ ናይ ባንኪ ሕሳብ (Bank account) ዘይሃብኩም ድማ ዘለኩም ሰነድ ብምሓዝ ካብ ዕለት 20/08/2026 ጀሚሩ ኣብ ፋብሪካ በራ ብኣካል ብምምጻእ ወይ ብሕጋውያን ወከልትኹም ብጽሒትኩም ክትወስዱ ከምትኽእሉ የፍልጥ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 181200 ተወከሱና።

ፋብሪካ በራ

---

ኣመልካቲ በኒያም ጉብረእግዚኣብሄር +1 ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ዝርከብ ገዛ ፕሎት 14 ፓርሰል ቢ ASD 00025335 ዚፕ 1A111 ስፍሓት መሬት 152.54 ት/ሜ ብዘለሐ ክፍሊ ቀንዲ 4 ተሓጋጋዚ 3 ዘጠቓልል፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1፡007836 ብስም ሉተብርሃን ጉብረእግዚኣብሄር ዝተመዝገበ ገዛ፡ ኣነ ምስ ብቤተይ ፈሸን ሃብተማርያም ስለ ዝዓደግናዮ'ሞ ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መወዳእታ ይግባይ ዝተበየለሉ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ነታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

በኒያም ጉብረእግዚኣብሄር

---

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ገፍሮ በርበረ ምስ ቀመመ)
ዓይነት፡ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ
ኣርእስቲ ውዕሊ፡ ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ንዓመት 2027 ካብ ወርሒ ጥሪ ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ ን ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ተመሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከጫርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣስቤዛ፡ በርበረ ምስ ቀመመ) ብዕሹግ ደብዳቤ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025/2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2025/2026 ክሊራንስ፡ ቅዳሕ (ኮፒ) መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ብምምጻእ ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን 401229/163095 ብምድዋል ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ፡ ካብ ኣብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ዕለት ልክዕ ድሕሪ ወርሒ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት ክሳብ ሰዓት 10፡30 ቅ.ቀ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ክፉት ድሕሪ ምጽናሕ ይዕጾ፡ ብድሕሪኡ ንዝመጽእ ተቐባልነት የብሉን። ልክዕ ሰዓት 10፡35 ቅ.ቀ ኣብቲ ዕለት ድማ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ C.P.O ናይ ኣስቤዛ 200,000 ናቕፋ ከምኡ'ውን ናይ ገፍሮ በርበረ ምስ ቀመመ 50,000 ናቕፋ ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይኣድ።
9. ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምዝራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ
ቁ.ሳ.ፖ 397 ከረን - ኤርትራ
ቁ.ቴሌፎን 401229/163095

---

ማሕበርተኛታት ትካል ሰብርጉማ ማዕድናዊ ማይን ልስሉስ መስተን ናይ ብርኪ ማሕበር ብዕለት 02 ነሓሰ 2026 ኣብ ዝገበርዎ ኣኼባ፡

1. ኣቶ ሚካኤል ጉብረእግዚኣብሄር
2. ኣቶ ማሓመድ ሰዒድ በሽር
3 .ወ/ሮ ራሄል ክፍሉ፡ ቦርድ ኣባላት ኮይኖም ተመሪጾም።

ከምኡ'ውን ብዕለት 04 ነሓሰ 2026 ኣብ ዝተገብረ ናይ ቦርድ ኣባላት ኣኼባ፡ ኣቶ ማሓመድ ሰዒድ በሽር ኣቦ መንበር፡ ወ/ሮ ራሄል ክፍሉ ዋና ጸሓፊት፡ ኣቶ ሚካኤል ጉብረእግዚኣብሄር ኣኪያዲ ስራሕ ትካል ክኾኑ ተመሪጾም ኣለው።

ትካል ሰብርጉማ ማዕድናዊ ማይ

---

ኣመልካቲ ኣሕመድ ዓብደላ ዝተባህልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ማእከል ከተማ ዝርከብ ገዛ ፕሎት 48R ፓርሰል D ASP 00027160 ዚብ 1A587 ስፍሓት መሬት 211.59 ት/ሜ ብዘለሐ ክፍሊ ቀንዲ 3 ተሓጋጋዚ 2 ዘጠቓልል ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1BRASM022118 ብስም ነ/ሄር ወላድየይ ዓብደላ ኣሕመድ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ብውርሻ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መወዳእታ ይግባይ ዝተበየለሉ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ነታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ኣሕመድ ዓብደላ

---

ኣመልካቲ ኣሕመድ ዓብደላ ዝተባህልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ዝርከብ ገዛ ፕሎት 34 ፓርሰል ፒ ASP 00026968 ዚፕ 1A119 ስፍሓት መሬት 311.24 ት/ሜ ብዘለሐ ክፍሊ ቀንዲ 3 ተሓጋጋዚ ዘጠቓልል፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1BRASM022091 ብስም ነ/ሄር ወላድየይ ዓብደላ ኣሕመድ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ብውርሻ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መወዳእታ ይግባይ ዝተበየለሉ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ነታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ኣሕመድ ዓብደላ

---

ሓዱሽ መጽሓፍ ፡ "ብሌሒ 2"

ወለዲ ምስ ደቀም ሓቢሮም ከንብብዎ ዝኽእሉ ንቑንቋታት እንግሊዘኛን ትግርኛን ኣብ ሓደ ኣጣሚሩ ዝተዳለወት መጽሓፍ!!




1. [illegible]
2. [illegible]
3. [illegible]
4. [illegible]
5. [illegible]
6. [illegible]
7. [illegible]

መጽሓፍ "ብሌሒ 2"፡ ኣብ ኣውንቲ፡ ጋላሪ ሰቲት፡ ሃገር መጻሕፍቲ፡ ኢምባሳደር... ዝበሉ ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ!

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## “ዘርኣኹምና ሕያውነትን ጭውነትን፡ ደቢሱና እዩ” ስድራቤት መዋቲት

*ሓደጋ ወዝቢ እዩ። እቲ ሓደጋ ሞት ምስ ዘኸትል፡ እቲ ዝፍጥር ሓዘንን ዘኽትምናን ብእኡ መንጸር ዓቢ ስለ ዝኾነ፡ ልዑል ጥንቃቐ ይሓትት። ኣብ ባህልና፡ ብሓደጋ ሞት ምስ ዘጋጥም፡ ብሰናይ ድሌትን ምርድዳእን ስድራቤት መዋቲ ዝግበር፡ ንጽባቐን ስልጣነን ሕብረተሰብና ዘጉልሕ ኣገባብ ምሕረትን ዕርቅን ኣለና። ቀጺልና፡ ብምዕሩግ ኣገባብ ዕርቅን ምሕረትን ናይ ዝደቀሰ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ዝምልከት ነቕርበልኩም - ሰናይ ንባብ፦*

እቲ ናይ ሞት ሓደጋ፡ ኣብ ጎዳይፍ ፊት ቤተ ክርስትያን እንዳ ኣቡነታትዮስ'ዩ ብ4 ነሓሰ 2025 ሰዓት 5፡30 ንግሆ ኣጋጢሙ። መራሒ መኪና ኣቶ ሚኪኤል ድራር፡ ብእግረን ናብ ቤተ ክርስትያን ንዘሰግራ ዝነበራ ኣደይ ለምለም ኣርኣያ ብመኪና ሃሪሙ ሞት ዘብጽሐ ሓደጋ ኣውሪዱለን። ኣቶ ሚኪኤል እቲ ሓደጋ ምስ ኣጋጠሞ፡ ነደይ ለምለም ኣርኣያ ተቐላጢፉ'ዩ ናብ ሆስፒታል ኦሮታ ወሲዱወን። ኣደይ ለምለም



ኣቦይ ተኪኤ ባሻይ ገ/ታትዮስ

ኣርኣያ ግን ብሂወት ኣይሰረራን፣ ንጽባሒቱ ዕለት 5 ነሓሰ 2025፡ ደቀን፡ ኣሕዋተን፡ ቤተሰበንን ደቂ-ዓደንን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ኣብ ዓደን ኣዛይሒ - ን/ዞ/ድባርዋ፡ ኣብ ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ሚኪኤል ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ሓመድ ኣዳም ለቢሰን።

ብድሕሪ'ዚ፡ ነዚ ዝተፈጸመ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ መዕለቢ ንምግባር፡ ብክልቲኦም ስድራቤታት ዘድሊ ምርድዳእ ምስ ተገብረ፡ ብ8 ታሕሳስ 2025፡ ኣብ መንጎ'ዞም ክልተ ስድራቤታት ናይ ዕርቂ ስነ-ስርዓት ተፈጺሙ። ነቲ ዕርቂ ዝምልከት ስምምዕ ዕርቂ'ውን ተነቢቡ።

ኣብ'ቲ ናይ ዕርቂ ዕለት፡ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ሚኪኤል ድራር፡ ወለዱን ቤተሰቡን፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ኣምሪሖም'ዮም ኣብ ቅድሚ ስድራቤት ነፍ/ሪት ኣደይ ለምለም ኣርኣያ ቀሪቦም።

ነቲ ናይ ዕርቂ መደብ ብጸሎት ዝኸፈቶ ቀሺ ሃብተሚካኤል እያሱ እዩ። ቀሺ ሃብተሚካኤል፡ ተቛጺሮም ምርኻቦም ንፈጣሪ ድሕሪ ምምስጋን፡ ስድራቤት



ቀሺ ሃይለ ዑቕባዝጊ

መዋቲ፡ ነታ ኣብ ምድሪ ኩነ ኣብ ሰማይ መለክዒ ዘይብላ ምሕረትን ዕርቅን ምምራጾም፡ መርኣያ ጽኑዕ እምነቶምን ብሃገር ደረጃ ዝግለጽ ኣብነታዊ ቅዱስ ተግባሮምን ምዃኑ ሓቢሩ። ንዘጋጥም ጸገማት፡ ብኸምዚ ንሓድነትና ዘኹልዕ ምዕሩግን ፍቕሪ ዝዓብለሎን ኣገባብ ክድቅስ ብምብቃዑ ድማ፡ ልዑል ሓጎስን መንፈሳዊ ሩፍታን ከም ዝተሰምዖ ገሊጹ።

ፈለማ ነቲ ስነ-ስርዓት ዕርቂ ኣመልኪቶም ቃሎም ዘሰምዑ ንመዋቲት ሰብኣይ ጓለን ቀሺ ሃይለ ዑቕባዝጊ እዮም። ቀሺ ሃይለ፡ “ወ/ሮ ለምለም ክቕተላ፡ ሚኪኤል ክቕትል ኣይተራኸቡን። ፍቓድ ኣምላኽ ክሰገር ስለዘይክእል ግና፡ ሓደጋ ኣጋጢሙዎም። ሕጂ ከኣ፡ ኣደና ወ/ሮ ለምለም ኣርኣያ ብምሕረትን ፍቕርን ደኣ'ምበር ብገንዘብ ስለ ዘይትመና፡ ገንዘብ'ውን ሕልናዊ ሩፍታን ደበስን ከምጽኣልና ስለ ዘይክእል፡ ከምቲ ቅዱስ ጽሑፍና ዝእዝዘና፡ ምሕረት ገይርናልኩም ኣለና። ዘርኣኹምና ሕያውነትን ጭውነትን ድማ፡ ደቢሱና እዩ፡” ክብሉ፡ ንኹሉ ሰማዒ፡ ሕልናዊ ዕረፍትን ቅሳነትን ዝፈጠረ ቃል ምሕረት ተዛሪቦም። ካብ ውሽጥን ወጻእን፡ ቴለፎን ብምድዋልን ብኣካል ብምምጻእን ንዘጸናንዕዎም ቤተሰብን ፈተውትን ድማ፡ ልባዊ ምስጋና ኣቕሪቦም።

“ሓደጋ ወዝቢ'ዩ፡ የግዳ ፍቓድ ኣምላኽ ክሰገር ስለዘይክእል ክብርቲ ኣደና'ያ ብሓደጋ ተፈልያትና፣ ሕጂ ከኣ፡ ጋርነፍሲ ምብላዕ ባህልናን እምነናትን ስለ ዘይኮነ፡ ፍቕሪን ምሕረትን ክንገብር ኢና ወሲንና። ምኽንያቱ፡ እምነትናን ኣቦታትና ዘጽንሑልና ክቡር ባህልናን፡ ምሕረት ምግባር ስለዝኾነ። እዚ ከኣ፡ መመሊሱ ዘሐጉሰካ፣ ህዝብናን መንግስትናን ዝድግፎ፡ ብዓቢኡ'ውን ኣምላኽ ዝድግፎ ቅዱስ ተግባር ስለዝኾነ፡ ክንምሕር ሓይሊ ንዝሃበና ፈጣሪ ኣመስግን” ዝበለ ከኣ፡ ቤተሰብ መዋቲት፡ ኣቶ ወልደስላሰ ዑቕባዝጊ'ዩ።

ቤተሰበን ንመዋቲት ኣቶ ሰመረ ነጸርኣብ ብግደኡ፡ ንወ/ሮ ለምለምን ሚኪኤልን፡ ንክልቲኦም እትፈላሊ ዘይትሰገር ዕለት ከም ዘጋጠሙቶም ብምግላጽ፡ ጽባሕ'ውን ንዓና እንታይ ከም ዘጋጥመና ስለ ዘይንፈልጥ፡ ብወገን ስድራቤት መዋቲት ምሉእ ምሕረት ተገይሩ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ንመዋቲት ወዲ ሓወን ኣቶ ተስፋጽዮን ፍትዊ፡ ወዲ ሓውተን ኣቶ ተኽለማርያም ሰመረ፡ ከምኡ'ውን ደቂ ጓለን ኣቶ በረኸት ቀሺ ሃይለን ኣቶ ዳዊት ቀሺ ሃይለን ብወገኖም፡ “ዕርቅን ምሕረትን፡ ሰብን እዝግን ዝፈትዎ፡ ንሰብ ድማ መለለዩኡን ግርማኡን እዩ። ንዝበደለካ ምሕረት ምግባር ከኣ፡ ትእዛዝ ኣምላኽ ምፍጻምን መርኣያ ልቦናን ፍቕሪን ስለ ዝኾነ፡ ንኹሉ ኣብነት'ዩ። ሕጂ ከኣ፡ ነዚ ክቡር ባህልና ክንዕቅቦን ናብ ዝቕጽል



ኣቶ ሚኪኤል ድራር (ፈጻሚ ሓደጋ)

ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን፡ በዚ ኣጋጣሚ ነዘኻኽር” ኢሎም።

ንመዋቲት ሓውተን ወ/ሮ ኤልሳ ኣርኣያ ብግደአን፡ ወ/ሮ ለምለም ለዋህን ፈቃርን፡ ፈታዊት ቤተ ክርስትያንን ምንባረን ጠቒሰን፡ የግዳ ብዘይተሓሰበ መዓልቲ ብኸምዚ ኣገባብ ካብ ስድራቤት ምፍላየን መሪር ጓሂ ከም ዝተሰምዐን ገሊጸን። እንተ ኾነ፡ ፍቓድ ጎይታ ክሰገር ስለ ዘይክእል፡ እቲ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ብዕርቅን ምሕረትን ምዝዛሙ ከም ዘሐጎሰን ሓቢረን።

ንመዋቲት ጓለን ወ/ሮ ሓረጉ ክብሮም ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እትነብር ጓለን ወ/ሮ ትዕግስቲ ዘርኦምን ብወገነን፡ ፈቃር፡ ለዋህን ሕያወይቲን ወላዲተን፡ ብሓደጋ ምፍላየን ከቢድ ሓዘን ከም ዘስምዐን ብምግላጽ፡ እንተ ኾነ፡ ምሕረት ምግባር፡ ኣምላኽ ዝፈትዎ ሰናይ ተግባር ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ጉዳይ ምስ ስድራቤተን ተላዚበን፡ ብፍቕሪን ምሕረትን ክዛዝምኦ ምብቃዐን ከም ዘሐብነን ገሊጸን።

ብስድራቤት መዋቲ እኹል ናይ ምሕረትን ዕርቅን ቃል ምስ ቀረበ፡ ብወገን ተቐበልቲ ምሕረት ዝኾኑ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ድማ እዚ ዝስዕብ ናይ ምስጋና ቃል ተሰሚዑ። ንገለ ካብ'ቶም ቃሎም ዘሰምዑ ድማ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ ጽሙቕ ኣቢልና ነቕርበልኩም።

በቲ ስነ-ስርዓት ዕርቂ፡ ፈለማ ነቲ ዝተሰምዖም ሕልናዊ ሩፍታ ኣመልኪቶም ቃሎም ዘሰምዑ ሓውቦ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቦይ ተኪኤ ባሻይ ገ/ታትዮስ እዮም። ኣቦይ ተኪኤ፡ “ሰብ ብገንዘብ ዘይኮነ ብሰላም፡ ብፍቕሪ፡ ብምሕረት እዩ ዝትመን። ንስኻትኩም ድማ ሓሲብኩምን መኺርኩምን፡ መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጻማኹም ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ። ጌርኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር ድማ፡ እንኮርዓሉ ባህልናን እምነትናን ስለ ዝኾነ፡ ንዘንትእለት መግለጺ ክብረትኩምን እምነትኩምን ኮይኑ ንወለዶታት ክዝንቶ እዩ” ኢሎም።

ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ቀሺ ገብረየሱስ ገብረትንሳኤ ድማ፡ “ምሕረት ምግባር ኣሸንኳይ ንፈጻሚ ገበን፡ ንሰማዒኡ ከይተረፈ'ዩ ባህታን ፍስሃን ዝፈጥር። ኣምላኽ ድማ መሓርቲ'ዩ ዝፈቱ። ስለዚ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ስለ ዝፈጸምኩም፡ ኩሉ ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ። ገይርኩምዎ ዘለኹም ምሕረትን ዕርቅን ከኣ፡ ክሰዓብ ዘለዎ ጽቡቕ ኣብነት ስለዝኾኑ፡ ብኣኻትኩም ሕቡናት ኢና” ክብሉ ንኹሉ ስድራቤት መዋቲ ጽንዓት ተመንዮም።

ቀጺሎም፡ ኣቶ ኪዳነ ቁስሙን ኣቶ ኪዳነ መንግስቱን፡ “ሓደጋ ወዝቢ'ኳ እንተኾነ፡ ኣምላኽ ግን ኣብኹም ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃራትን ምሕረት ዘቐድሙን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና። ኣፍኩም ክንመልእ ኣብ ዝተመላለስናሉ ድማ፡ ነቲ ከቢድ ሓዘን ተጻዊርኩም ብጥዑም መልሓስን ጽቡቕ ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና። ናይ



ወ/ሮ ለምለም ኣርኣያ (መዋቲት)

ብሓቂ ከኣ ኣመስጊንና። ነዚ፡ ሕውነት ክንተኸለሉን ፍቕሪ ክንትክኣሉን ንምነ። ‘ካባኹም እንደልዮ ነገር የለን፣ እቲ ንደልዮ ፍቕሪን ሰላምን'ዩ’ ኢልኩም፡ ነቲ ጉዳይ ብዕርቂን ምሉእ ምሕረትን ምዝዛምኩም ከኣ፡ መርኣያ ኩብረትኩምን ጭዋ ባህልናን ስለዝኾኑ፡ ወትሩ እናተዘከርኩም



ወ/ሮ ኤልሳ ኣርኣያ

ክትነብሩ ክገብረኩም'ዩ” ኢሎም።

ኣቶ ተስፋጽዮን ኣስመላሽ ድማ፡ “ሂብኩምና ዘለኹም ምሕረት፡ ንሃገርናን ንህዝብናን ጽቡቕ ኣብነት፡ ኩሉ ዜጋ'ውን ክኽተሎ ዘለዎ ረዚን ኤርትራዊ ባህሊ ስለ ዝኾነ፡ ብምድሪን ሰማይን ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ” ኢሉ።

ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ሚኪኤል ድራር ብወገኑ፡ ስለቲ ካብ ህይወቱ ዘይርስዖ ዝተገብረሉ ምሕረት'ዩ ነዚ ዝስዕብ ሓጺር ቃል ተዛሪቡ - “ምስ ኣደይ ለምለም ኣርኣያ ዘጋጠመና ነገር ከቢድ'ዩ። ሕጂ ከኣ፡ ስድራቤት ነቲ ጉዳይ ብዕርቂ ዛዚምኩም ምሕረት ስለ ዝገበርኩምለይ፡ ኣዝየ'የ ዘመስግን፡ ሩፍታ'ውን ተሰሚዑኒ ኣሎ። ጻማኹም ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ፣ ኣብ ጽቡቕኩም ከኣ የውዕለኒ” ክብል ምስጋናኡ ኣቕሪቡ።

እቲ ናይ ዕርቂ ስነ ስርዓት ምስ ተፈጸመ፡ ክልቲኦም ስድራቤታት፡ ንዝተዳለወ እኽለ ማይ ብሓባር ምስ ተቛደሱ፡ ነቲ ናይ ዕርቅን ምሕረትን መዓልቲ ዛዚሞምዎ።



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ውዳበ ሓይሊ'ዩ

ሚኒስትሪ ሕርሻ "ምህዞም ቀጻልነት ዘለዎም ስርዓታት ሕርሻን መዝበን ንሃገራዊ ቀጠባዊ ዕቤት" ብዝብል መሪሕ ቴማ ብ20ን 21ን ነሓሰ 2026 ኣብ ኣስመራ ኣዳራሽ ሃሰኤ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕትታት ኤርትራ ምቕራቡ ይፍለጥ። እቲ ሚኒስትሪ ንኸምዚ ዓይነት ሃገራዊ ዋዕላ ክውድብ ዝደረኾ ምኽንያት እንታይ'ዩ ኣውዲድዎ፡ ኣብቲ ዋዕላ ክንደይ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቦም፣ ትሕዝቶ ናይቶም ዝቐረቡ መጽናዕትታት ኣብ ምንታይ ትኹረት ዝገበረ እዩ ትሕዝቶ ናይቶም ዝቐረቡ ወረቓቕቲ ብዓይኒ ሞያ ከመይ ደርእኖ ይግምግም፤ እቲ ዋዕላ ብመቓን ናይ ግዜ ይኹን ኣወዳድባኡ ከምቲ ዝተወጠኖ ተዛዚሙ፤ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ መጻኢ ካብ ወጽኢት ናይዚ ሃገራዊ ዋዕላ እንታይ ኢና ንጽበ.. ንዝብሉ መበገሲ ሕቶታት ንኣቦ መንበር ኣወሃሃዲት ኮሚተ ናይቲ ዋዕላን ኣብ ክፍሊ ሃገራዊ ሕጋጋትን ቀጻጻርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ዳይረክተር ሃገራዊ ዓቕሚ እንስሳ ብቑልን ዶ/ር ኤፍሬም ገብረመስቀል ከምኡ እውን ወከል ጸሓፊ ናይታ ኮሚተን ኣብ ክፍሊ ኢክስተንሽን ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኢላ ብቑሊን መገቢ እንስሳን ኣቶ ዓብደላ ዑመር ተወካሲናዮም ዝሃቡና መልሲ ይስዕብ፦






ዶ/ር ኤፍሬም ገብረመስቀል



ኣቶ ዓብደላ ዑመር

ስእሊ፦ ሳልሕ ዓብደልቃድር

ዶ/ር ኤፍሬም

"ሕብረተሰብና ዝዓበየ ክፋሉ ማለት ልዕሊ 75 ሚእታዊት ኣብ ሕርሻን ምስ ሕርሻዊ ንጥፈታት ኣብ ዝዛመድ ንጥፈታትን እዩ ዘካይድ። ይኹንምበር፡ እዚ እንበሎ ዘለና ሕርሻ እውን ገና ክዓቢን ክሰፍሕን ዝኽእሎ ኮይኑ፡ ከምቲ ዝድለ ኩሉ ዘማልእ ምዕቡል ክበሃል ኣይከኣልን እዩ። እቲ ሕጽረታት ሰብ ስርሖ ጥራይ ዘይኮነ ባህርያዊ እውን ኣናሕሰዩ ኣይኮነን። ባህርያዊ እንበሎም ብደሆታት፡ ዋሕዲ ዝናብ፡ ግዜኡ ዘይሓለወ ደርቂ፡ ክሊማዊ ለውጢን ወጽኢቱን ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ። ሕብረተሰብና፡ ምህርቲ ኣብ ምዕባይ ዝሕግዙ ክዕጠቑ ዝኽእሉዎም ዘለዎምን ቴክኖሎጂ፡ ምሕደራን ኣተሓሕዛን ሕርሻ ... ዝኣምን ካልኦት ሕርሻዊ ንጥፈታትን ዝሓቁፍ ኣካይዳና፡ ዛጊት ከምቲ ዝድለ ደረጃ ኣይበጽሕናን ዘለና። ስለዚ ዕላማ ምውዳብ ናይዚ ሃገራዊ ሕርሻዊ መጽናዕትታት ኤርትራ እምበኣር፡ ኣብዚ ዘለናዮ ክንቅወም ዘይኮነ ካብዚ ድሕሪ ኣካይዳ ወጺእና ናብ ምዕቡል ደረጃ ንምሰጋገር፡ "እንታይ ኣሎ ዕድላት፧ ክሳብ ዘለዎ ምምሕያሽ..." ንዝብልዘሎ ጸገማት ኣለሊኻ ንምእላዮም ንምልዛብን ንምምኽኻርን ዝዓለመ እዩ።

"እዞም ጸገማት ተለልዮም ድሕሪ ምእላዮም፡ ካልእ ጉደኒ ጉድኑ ክኸይድ ዝኽእል ዕድላት ወይ ኣማራጺታትካ እንታይ ክህልወና ይኽእል፧ ፍታሕ ምድላይ ግቡእ ስለ ዝኾነ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ በዚ መንፈስ'ዚ ተደሪኹ፡ "ኣብዘ ዓመት ኣብ ኤርትራ ኣሎ ዝበሃል ምስ ሕርሻ ዝዛመድ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ እንተ ዝቐርብ'ሞ፡ ብኡ ኣቢልካ ዕላማን ሓሳብን ኣቕረብቲ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ዝልለዩሉ ዋዕላ እንተ ወደብ ወጽኢቱ ዘይንርእዩ፧" ብዝብል ሓሳብ'ዩ እቲ ዋዕላ ክቃናዕ ተወሲኑ። እቲ ዝቐርብ መጽናዕቲ ኸኣ ካብ ኣቕረብቲ ዝወሃብ መብርሂ ጥራይ ዘይኮነ ኩሎም ኣብ ሕርሻን ምስ ሕርሻ ዝምድና ኣብ ዘለዎም ንጥፈታትን ዝዋስኡ ኣካላት ብመንፈስ ብፍልጠትን ብኣካልን ኣብ ሓደ ዓውዲ ብምምጻእ ቃኒኹ ነቲ ዝቐረበ ወረቓቕቲ ከም መጠነሲ ብምግባር በቲ ሓደ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ንዕኡ ተዛሚዱ ዘሎ ብምኽያድ፡ ነቲ ጸገም ኣለሊኻ እንታይ እንተ ተገብረ ይሓይሽ ዝብል፡ መፍትሒ ንምንዳይ ዓሊሙ'ዩ ተኻይዱ።

"ነዚ ሸቶ'ዚ ንምውቃዕ ዕድላት ክፉት ገይርካ ብዙሕ ወረቓቕቲ ክቐርቡ ከም ዘለዎም ተገይሩ። ብመሰረት ናይቲ መደብ ከኣ 186 መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቦም። እንተኾነ ንኹሎም ብሓደን ኣብ ሓደ እዋንን ከተቕርቦም ስለ ዘይከኣል፡ ንመጠነሲ ናይቲ ሓሳብ ዝድርዕ፡ ቀዳምነት ናይ ቀዳምነት ይወሃቦም ዝተባህሉ ተመሪጾም ክቐርቡ ከም ዘለዎም ተገይሩ። በዚ መሰረት እዚ ኣም ንምጽራይ ከኣ ክኢላታት ዝተሳተፍዎ ናይ ምምማይ መስርሕ ተኻሒዱ። ኣብ መወዳእታ ካብቶም ዝቐረቡ 186 መጽናዕታውያን ወረቓቕቲ፡ እቶም ኣብዚ እዋን ክቐርቡ ኣለዎም ዝተባህሉ ቀዳምነት ዝተዋህቦም 76 ወረቓቕቲን 10 ከኣ ብመልክዕ ፖስተር ዝተዳለዉ ተመሪጾም ከም መጠነሲ ኮይኖም ክቐርቡ ተወሲኑ።

"ብድሕሪዚ፡ ኣብ 8 ዝተመቓቐለ ንሕርሻ ዝዛመድ ኣርእስትታት ተወዲቦም ከም ዝረኣዩ ብምግባር፡ እቲ ዋዕላ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልቲ ክዛዘም ስለ ዝነበሮ፡ ኣብ ሰለስተ ኣዳራሽ ተወዲቡ ከም ዝተኻየደ'ዩ ተገይሩ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ነቲ ተበግሶ ምውሳዱ፡ ካብ ተሳተፍቲ ይኹን ኣቕረብቲ ጽቡቕ መገሻ እዩ ረኺቡሉ። ኣብቲ ዋዕላ፡ ካልኦት ትካላት እዚ ከም ኣብቶት ወሲደን ክሰርሓ ከም ዘለወን ዝጽውዕ ርእይቶ እውን ፈሲሱ'ዩ። ኣብ ክፍሲ-ወከፍ ዝቐረበ መጽናዕታዊ ወረቐት ካብ ተሳተፍቲ ናይቲ ዋዕላ፡ ማእለያ ዘይብሎም መሃብተሚ ርእይቶታትን ሓሳባትን ቀሪቦም ኣለዉ።

"ኣብ መጨረሽታ፡ ወጽኢት ናይቲ ዝተኻየደ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕትታት እንታይ'ዩ ክኸውን ንዝብል፡ ተደጋጊሙ ከም ዝተጠቕሰ፡ ጸገማት ከም ጸገማት ይልለዩ። መፍትሒኦም ተባሂሉ ብተሳተፍቲ ክኢላታት ናይቲ ዋዕላ ተቐሚጡ፡ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነት ዝወሃቦን ዓቕሚ ዝፈቅዶን ኣብ እዋኑ ብትግባረ ክሰሩ ዝተረፈ ከም መፍትሒ ተኣሚኑሉ ተሰኒዱ ጸኒሑ፡ ኣድላዩነቱ ኣብ ዘገድስሉ እዋን ከም መወከሲ ተወሲዱ እናተተግበረ ክኸይድ ዝብል እዩ። ብዘይካዚ'ን ብዓበኡን ከኣ ዝተረኽቡ ሓበሬታታት ኣኪብካ ናብ ሕትመት ቀሪቡ ብመልክዕ መጽሓፍ ተዳልዩ ናብ ተጠቃሚ ክበጽሕ ክዝርጋሕ እውን እዩ።

"25 ካብ መንጎ እቶም ዝቐረቡ ወረቓቕቲ፡ ፍሉይ ትኹረት ዝተዋህቦም እውን ነይሮም። ከምኡ ክገብር ዝተደልየሉ ምኽንያት፡ እዚ'ኣም ንወጽኢት መጽናዕቲ መንእሰያት፡ ንዝተፈላለየ ዓውዲ ሕርሻ ዝበሃል ኣብ ግምት ዘእተወ ትሕዝቶን ኣገዳስነትን ወዘተ. እዚ ኩሉ ኣብ ግምት ኣትዩ ዝተፈልዩ እዮም። ኣብዚ እቲ ዘሐጎስ፡ ሙብዛሕትኦም ኣቕረብቲ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ናይዚ ዋዕላ መንእሰያት እዮም። መንእሰያትና ህርኩታት ምኻኖም ንጥፈታቶም ብዮዝበሪ ኣርእዮና - ተሓቢንና። ብዙሕ መፍትሒታት ክኸውን ዝኽእል ሓሳባት ድማ'ዮም ኣቕሪቦም ዘለዉ። ኣብዚ ሙዳይ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከም ኣቡት እንተ ደኣ ወሲድና፡ መንእሰያት ናይ ምትብባዕ መንፈስ ዕዙዝ እዩ። ብዙሕ መደባት ንመንእሰያት ብምሃብ ወትሩ ምስ ኣተባብዐ እዩ። እዚ ሃገራዊ ዋዕላ ኸኣ ሓደ ካብኡ እዩ። ካብቶም ኣብቲ ዋዕላ ዝቐረቡ መጽናዕታውያን ወረቓቕቲ፡ ትሕዝቶ ወረቐቶም፡ ኣቀራርባኦምን ተበግሶኦምን ጉድለቶም ኣብ ምእራምን ብዝሓሸ ኣብ ምቕራብን ዝሐሸ ወጽኢት ኢና ረኺብናሎም። እዚ ኹሉ ደማሚርካ ክርእ እንከሎ፡ ብዝተኻእለ ዝያዳ ንምምልማሎምን ንምሽሳሎምን ክተባብዑ ዘለዎም'ዮም።

"እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕትታት ኤርትራ፡ ከም መጠነሲ ናብቲ ብዝለዓለ ደረጃ እንጥምቶ ዝወሰድ መንገዲ እዩ። ከም መፈለሚ ኮይኑ እንተ ውሓደ ኣብ ክልተ ዓመት እንተ ደኒገየ ድማ ኣብ ሰለስተ ዓመት ክገበር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣሚምዎ ዘሎ እዩ። "

ኣቶ ዓብደላ ዑመር

ኣወሃሃዲት ሸማግለ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕትታት ኤርትራ 2026፡ ብ12 ኣባላት ዝቘመትን ኣብ ጥሪ 2025 ድማ ዝተማስረተትን ኢያ። እዛ ሸማግለ ዝቘመትሉ ምኽንያት ንኽልተ ዕላማ እዩ። እቲ ሓደ፡ ኣብዚ ዝቐሃለ መደብት ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕትታት ዝቐርቡ መጽናዕታውያን ወረቓቕቲ፡ መሚኻ በቲ ዝዀብኦም ምስራዕ እዩ።

እቲ ካልኣይን ብዓቢኡን ከኣ፡ ብዘዕባ ሕርሻዊ መጽናዕቲ ዋዕላ ምኽያድ እዩ። ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ 2025 ሓደ መጽናዕቲ ኣካይዱ ነይሩ። ንዕኡ ከም መጠነሲ ብምግባር፡ መጽናዕቲ ኣብ ሕርሻዊ ዓውዲ ንምንታይ ክካየድ ኣይከኣልን ካብ ዝብል ሓሳብ ስለ ዝቐረበ፡ እዚ ንምትግባር መደብ ወጺኡሉ፣ እዚ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕትታት ኤርትራ ብዓወት ክቃናዕ ክኢሉ ኣሎ።

ኣብ መስርሕ፡ ብደሆታትን ብልሜታትን ዘይነጸጸሉ መኻይድኒ ክልተ ገጽት ናይ ሓንቲ ሳንቲም እዮም። እዛ ሸማግለ ናብ ዓወት ክትበጽሕ ኣብ መስርሕ ብዙሓት ብደሆታት እናገጠመዋ'ያ ንሓደ ዓመትን ፈረቓን ተጓዒዛ። ገለ ካብቶም ዝገጠሙዋ ዓበይቲ ብደሆታት፡ እቶም ኣብቲ ዋዕላ ዝቐረቡ መጽናዕታውያን ወረቓቕቲ፡ ካብ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻን ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ መሻርኽቲ ዝኾና ትካላትን ካብ ዞባታትን ካልኦት ሚኒስትሪታትን ዝተኣከቡ እዮም። ኮይኑ ግን ኣብ ምእካቦም ብዙሕ ውረድ ደይብ ብደሆታት እዩ ተሰጊሩ።

ካልኣይ፡ ኣብ መንጎ ኣወሃሃዲ ሸማግለ ዋዕላን ኣብ መንጎ ኣቕረብቲ ወረቓቕቲን ብዙሕ ሓበሬታታት የድሊ ስለ ዝነበረ፡ ሓድሕድ ሓበሬታ ኣብ ምልውዋጥ ዓቢ ጸገም ነይሩ። ኣብዚ፡ መጀመርታ መጻዋዕታ ኢና ጀሚርና። ትሕዝቶ ናይቲ መጻዋዕታ፡ ብፖስተር መልክዕ ኣዳሊና ተሳተፍቲ ጸማቕ ትሕዝቶ ናይ ዘዳለውዎ መጽናዕታዊ ወረቐት ከቕርቡ ኢና ሓቲትና። ነዚ ንምዝርጋሕ ናብ ዝተፈላለየ ኣባላተን ዝተሳተፋ ሚኒስትሪታት፡ መሻርኽቲ፡ ኮታ ክሳብ ዞባታት እናተንቀሳቐስና ኢና ኣካይድናዮ። ብደሆታት ከይሓለፍካ ዓወት ስለ ዘይምዝገብ ድማ፡ ነዚ ክንገብር ነዊሕ ኢና ኮላልና ሃሊኾናን።

ዝበረ ብልሜኺ ንዝብል ክጥቀስ ጽቡቕ'ዩ። ሕርሻዊ ዋዕላ ክካየድ እዩ ዝብል ሓበሬታ ምስ ዘርጋሕና፡ ብዙሕ ሰብ'ዩ ንሓሳብትና ብዓይኒ ግዳስ ጠሚቱ ተበጊሱ። ብኡ መጠን ከኣ እዞም ዝጠቐስናዮም 186 መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ተቐቢልና። ካብዚ ናይ ምጽራይን ምምማይን መስርሕ ድሕሪ ምኽያድ 76 ወረቓቕቲ ከም ዝቐርቡ ገይርና። ኣብዚ ከምዚ ኩነታት፡ እዚ ኩሉ ሓሊፉ ከም ዓቢ ብልሚ እንጥምቶ፡ ተገዳስነት ናይቶም ኣቕረብቲ ወረቓቕቲን፤ እቲ መስርሕ ናብ ዓወት በጺሑ እቲ ሃገራዊ ዋዕላ ብኸምቲ ዝተሓሰበሉ ብምልኣት ክቃናዕ ምኽኣሉን እዩ።

ኣብዚ ንኹሉ ብሩህ መታን ክኸውን፡ ሕርሻ ክበሃል እንከሎ፡ ኣብ ትሕቲኡ ብዙሕ ነገራት እዩ ዘጠቓልል። ንኩነታት ኣየር፡ ንሓረስታይ እትቲህቦ ሓድሽ ነገራት፡ ድጂታላይዘሽን ዝበሃል ኣሎ፣ ውሕስነትን ድሕነትን መግቢ፡ ወሰኽ ክብሪ . . . እቲ ዝርዝር ብዙሕ እዩ፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ፡ ፈለማ እቶም ዝቐረቡ መጽናዕታውያን ወረቓቕቲ ትሕዝቶኦም መዚንና ናብ 13 ዓውድታት መቓቒልና ክንርእዮም ፈቲንና። ዳግም መስርሕ ምምማይ ብምግባር ከኣ ኣብ 8 ምድባት ሕርሻ ከፊልና ክንርእዮም ወሲንና - ብኸምኡ ኸኣ ኣካይድናዮ።

መጽናዕትን ምርምርን እትግበር፡ ናብ ገለ ደረጃ ንምብጻሕ እዩ። ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕትታት ኤርትራ 2026 ከኣ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ ሸቶ ንምርግጋጽ እዩ። ምናልባት ብዓይኑ ይፍለ ይኸውን እምበር፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከምዚ ዓይነት ዋዕላ ከቃንዕ እዚ ናይ ፈለማ ኣይኮነን። ቅድሚ ሕጂ ናይ ደንሸ፡ ናይ ስርናይን ዕፉንን ከምኡ ድማ ንምድላው ባህርያዊ ድኹዒ ዝምልከቱ በበእዋኑ ተመሳሰልቲ ዋዕላታትን መጽናዕትታትን ኣካይዱ'ዩ። ምናልባት እዚ ናይ ሎሚ ሃገራዊ ዋዕላ ቅድሚ ሕጂ ካብ ዝተኻየዱ ፍልይ ዝበሎ፡ ብምሉኡ ኣብ ሕርሻ ትኹረት ዝገበረ ኮይኑ፡ መጽናዕትታት ይግበርስ ኣሎ - ጽቡቕ! 'ኣብ መወዳእታ ናበይ'ዩ ክወስደና" ንዝብል፡ እንታይ ይጐድለና፧ እንታይከ ክንምልእ ኣለና፧ እንታይከ ጽቡቕ ነገር ኣለና ወዘተ ዝኣታት መሚኻ ንቕድሚት ብኸመይ ንሕዞ፧ እቲ ሓደ ነጥቢ እዩ። እቲ ካልኣይ ነጥቢ ከኣ፡ ገለኡ ወረቓቕቲ ተጸኒዑ ንግዜ ዝጸብ ስለ ዝርከቦ፡ እዚታትካ ብኸመይ ኣብ ተግባር ክውዕል ይኽእል፧ ብመልክዕ ሕቶን መልስን ጥሉል ውህደት ተኻዪዱሉ መዕለቢ ክህልዎ ተሰኒዱ ጸኒሑ ከም መወከሲ ከገልግል ዝብል እዩ።"

# ስፖርት

## ወዲ ማርያኖ - ዘይሃስስ ታሪኽ ዝገደፈ ኮኾብ ሱላታት

ምሉእ ስሙ ጊልዮሚካኤል ተስፋማርያም እዩ ዝበሃል። እንተኾነ ብደገፍቱን መተዓብይቱን ቤታ (ወዲ ማርያኖ) እትብል ሳጓ ወይ ግልያ ብዝተብል ኣሕጽሮት ስሙ እዩ ዝያዳ ዝፍለጥ። እቲ ከም ንስሪ እናተወርወረ ካብ ኣንጻር ጋንታ ንዝቐላዓ ከዓሰሱ ዘምክን ዝነበረ ሓላው ማዕጾ - ወዲ ማርያኖ፡ ኣብ 50ታትን 60ታትን ግሉን ስም ካብ ዝነበሮም ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ሃገርና ዘይሃስስ ታሪኽ ካብ ዝገደፉ ስፖርተኛታት ሓደ እዩ።



ኣብ ፈለማ 60ታት ሓላዊ ማዕጾ ጋንታ ኣዱሊስ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብዘንጸብርቕ ብሉጽ ብቕዓት፣ ሽዑ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ናይታ ግዝኣትና ዝነበረት ኢትዮጵያ ክሰለፍ ተሓርየ። ኣውራ ድማ ኣብ 3ይ ዋንጫ ኣፍሪቃ (ሓንሳእን ዛጊት ንመጨረሻን) ነታ ጋንታ ካብ ዘዐወቱዋ 8 ኤርትራውያን ተጻወትቲ ሓደ ክኸውን ከኣለ። ጊልዮ፣ ብዘዘበሮ ልዑል ብቕዓት፣ ካብ 1ይ ክሳብ 4ይ ዋንጫ ኣፍሪቃ ኣከታቲሉ ከይተቛየረ ምሉእ ጸወታ ምስታ ጋንታ ተጻዊቱ። ብፍላይ ኣብ 3ይ ዋንጫ ኣፍሪቃ ግን ወሳኒ ግደ ነይሩዎ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ዘርኣዮ ሓያል ድፍረት ዝተሓወሶ ጸወታ፣ ሓደ ካብቶም "ኣብ ዝኾነ እዋን ዘይትክኡ" ተባሂሎም ክሳብ ኣብ ሎሚ ስፖርት ሃገርና ካብ ዝጥቀሱ ከዋኽብቲ እዩ።

ጊልዮሚካኤል ተስፋማርያም (ወዲ ማርያኖ) ብ1936 እዩ ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ። ኣብ ኣስመራ'ውን ዓብዩ። ካብ ግዜ ቁልዕነቱ ጀሚሩ ምስ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ፍቕሪ ነበሮ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ቦታ ሓላው ማዕጾ ክጻወት እንከሎ ብዘርእዮ ዝነበረ ፍሉይ ብቕዓት፣ ኣብ ዓይኒ ዓለምቲ ጋንታታት ክኣቱ ግዜ ኣይወሰደን። ኣብ ትሕቲ'ቲ ብሉጽ ዓላሚ ዝነበረ "ወዲ ልቢ" ዝሰልጠነ ወዲ ማርያኖ፣ ካብቶም ቀዳማይ ዝነበሩ ፍሉጣት ሓለውቲ ማዕጾ ከም ብዓል ሃብተ ተኸስተ ቺካው ብዙሕ ከምእተማህረ ይዝረበሉ።

ደቂ ጋንትኡን ደገፍቱን ኣብ ጸወታ ምስ ምሉእ ርእሰምትእምማን ድፍረትን ጥበብን ኣወሃሂዱ ይጻወት ምንባሩ ይዝክሩ። ብቑዕ ሓላው ማዕጾ ንምዃን ብልሓ፣ ናይ ምውርዋርን ምዝላልን ዓቕሚ ከምኡ'ውን ቀራጽነትን ድፍረትን ይሓትት። ብመሰረት ፈለጥቱ ጊልዮ እምበኣር ንኹሉ ዘጣመረ'ዩ ነይሩ። እቲ ዝደነቕ ክእለቱ ከም ዑፍ ኣብ ኣየር ማእዘን ክልውጥ ዝኽእል ሰብዩ ነይሩ። ከዕሶ ንጎል ተሃሪማ ክቕልባ ምስ በረረ ኩዕሶ ኣፈቶ (Effect) ነይሩዋ ወይ ብርቱዕ ንፋስ ደፊኡ ማእዘና እንተኣለዊጡዋ፣ ጊልዮ ኣብ ህዋ ከሎ መሪፁ ከይተንከፈ ማእዘኑ ለዊጡ ክቕልባ ወይ ተንኪፉ ካብ ጎል ከድሕና ኣብ ካልኣት ዘይተራእየ ፍሉይ ክእለት ከምዝነበሮ ምስኡ ዝጻወቱ ዝነበሩ ብጾቱ ይመስክሩሉ።

ኣብ ሃገርና ኣብቲ ርሱን ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ዝቶደሉ ዝነበረ እዋን፣ ከም ፍሉይ ጠባይ ወዲ ማርያኖ ዝጥቀስ፣ ሽቶ ይመዝገቦ ኣይመዝገቦ፣ ልዑል ዲሲፕሊን ዘንጸብርቕ ምንባሩ እዩ። ኣብ ኩሎም ፖርቴረታት ዘይርእ ዋላ ገለኦምሲ ምሕር ምትህልላኽ ኣብ ምትህርራም እንክበጽሑ፣ ጊልዮ ግን ጎል ንዝኣተወሉ መንእሰያት ተጻወትቲ መለሱ የተጉብዖምን የድንቖምን ከምዝነበረ ኣብ ጋንታ ኣከለገዛይን ዙላን ዝጻወት ዝነበረ ኣለም ግደይ ካብ ተሞኩሮኡ ይጠቕስ። ኣብ ኩሉ ቅዲ ህይወቱ'ውን ምቕሉልነት ዘዘውትር ምንባሩ ተኽለ (ስልኪ) ተጻዋታይ ቴሌ ነበር ይገልጽ።

ወዲ ማርያኖ፣ ኣዝዩ ግዱብን ሓላፍነታውን እዩ ነይሩ። ዓላማይን ኣኪያድን ጋንታ ኣዱሊስ ዝነበረ ካሕሳይ ባህልቢ (ወዲልቢ) ብጸላኢ ተኣሲሩ ኣብ "ኣለምብቃኝ" ምስተዳጎነ፣ ጊልዮ ምሉእ ሓላፍነት ጋንታ ወሲዱ ከም ዓላማይን ኣማሓዳርን ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። መተካእታ ብፖለቲካ ናይ ዝተኣሰሩን ዝተሰደዱን ካልኣት ከም ብዓል ተፋጊያርጊስ (ቀቓሕ) ዝርከብዎም መንእሰያት ተጻወትቲ (ካብ ጉዳል) መሪጹ ነታ ጋንታ ኣደላደላ። ጋንታ ኣዱሊስ ዝነበራ ናይ ፕዝዞብ ጽገም ከኣ ኣብ ትካል ናይ ስድራኡ ሰራሒ ካብ ዝረኸቦ ኣታዊ እናሸፈነ የካይዳ ነይሩ። እቲ ዘርም፣ ኣቡኣም ኣቦይ ተስፋማርያም (ማርያኖ) ዕሉል ደጋፊ ጋንታ ሓማሴን ክነሶም፣ ጊልዮ ኑቲ ሓያል ኣከፋፋሊ ዝነበረ ሓው በርሀ ኣኸቲሉ ቀንዲ ተጻወትትን ሓለይትን ጋንታ ኣዱሊስ ምንባሮም እዩ።

ኣብታ ብኣቶ ተኽሊት ልጃም ዝተዳለወት፣ "ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣብ ግዜ ተኸታታሊ መግዛእታዊ ስርዓታት" እትብል መጽናዕታዊት መጽሓፍ ከም እተዘርዝሮ፣ ኣብ ዓመተ ስፖርት 1964 ኣብ ሞንጎ ክለባት ኤርትራ ዝተፈጥረ ምስሕሓብ ተጠቒሙ ስርዓት ሃይለስላሰ ኑቲ ኣዝዩ ስጉሙ ዝነበረ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ሃገርና ንምቁጽጻርን ንምድሃኽን ዕድል ከፈተሉ። ንጉሰ ፍትሃወርቅ ንዝተባህለ ኢትዮጵያዊ ኣብ ላቤ.ፍርዲ ፈራዳይ ዝነበረ "ኣብ ኤርትራ ጠቕላይ ግዝኣት ናይ ኢትዮጵያ ኩዕሶ እግሪ ፌደረሽን እንዳራሲ" ገይሩ ብምሻም ክቈጻጸሮ ከኣለ።

ብዓል ይድነቃቸው ተሰማ (ጸሓፊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኢትዮጵያ) ብዘሕለፎዎ 3 ዓበይቲ ውሳኔታት፣ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ፈሪሱ ኣባላቱ ብኻልኦት ተተክኡ። ብፍላይ ኣዱሊስ ከኣ ኣዝያ ብፖለቲካ ዝተጸልወት ጋንታ ስለዝነበረት፣ ምእንቲ ክትፈርስ ዝዋለመ ስለዝነበረ ምስ ጋንታ ባራቶሎ ብሓባር ኮይኑ ብፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኢትዮጵያ ዝተዋህበ ውሳኔ ስለዘጸገኑ፣ ካብ ውድድር ተሰሪዞን ፋሕፋሕ ኢለን።

ዝበዝሑ ተጻወትቲ ኣዱሊስ ናብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ከዱ፣ ምስ ካልኣት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበሩ ኮይኖም ብኤርትራውያን ዝቖመት ንሃገራዊ ቃልስና ብዝተፈላለየ መንገዲ ተንጸብርቕ ዝነበረት ጋንታ ዙላ ንኽትምስረት ኣብ ኣስመራ ኮይኖምን ንኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝኸዱን ጊልያን ወዲልብን ዓቢ ተራ ከምዝተጻወቱ ይፍለጥ። ስለዚ፣ እታ ዜሰብራቕ ቃልስና ዝኾነት ጋንታ ኣዱሊስ ብኻልእ መልክዕ ዳግም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተወሊዳ ማለት'ዩ። ጋንታ ዙላ ተመሃሮ ስለዝነበረ፣ ኣብ 1956 ምስ ብዓል ስውእ ትኩእ ይሕደጎ፣ ስውእ ተኪኤ በየነ፣ ዓብስ ኢብራሂም፣ ጠዓመ ጉብረሃንስ … ወዘተ ንስርዓት ሃይለስላሰ ከበድ ጸጥታዊ ስግኣት ስለዝፈጠሩሉ ንኣዋርሕ ከምዝእሰሩ ገይሩ። እዚ ከይኣክል እቲ ብ"ሾፓሮ" ተዓጽዩ ዝነበረ ቤ/ትም ምስተኸፍተ ንጊልያን ዓብስ ኢምራሂምን ካብ ቤ/ትም ብምስጓግ ተወሰኸ። ኣብ ዝኾነ ናይ መንግስቲ ቤ/ትም ከይኣትዉን ኣብ ዝኾነ ናይ መንግስቲ ትካል ከይሰርሑን ኣገደዶም።

ጊልያ በዚ ደምብርጽ ኣይበለን። ሕቡእ ቃልሱ ቀጺሉ። ኣብ ከምዚ ኩነታት እታ በቲ ህቡብ ኣሰልጣኒን ሃገራዊ ተቓላስን ካሕሳይ ባህልቢ (ወዲልቢ) እትምራሕ



ከምንፈልጦ መዓት ዕንቅፋት ናይቲ ስርዓት እናበደሀት ትጻወት ኣብ ርእሲ ምንባራ ብዙሓት ተጋደልትን ተቓለስትን ዘፍረየት ጋንታ እያ።

ጊልዮ፣ ኣዱሊስ ፈሪሳ ኣብ ሎጎቹዋ (ማይ ልሓም) ምስኣተወ፣ ከም ሓላው ማዕጾ ድርዒ ጋንታ ስለዝኾነ፣ ምስ ካልኣት ደቂ ጋንትኡ ብሓባር ብዘርኣይዎ ብቕዓት ጋንታ ሎጎቹዋ ኣብ ታሪኻ ንመጀመርያ ግዜ ናብቲ "ብሮርጎ ኦቶ" ዝፍለጥ ላዕለዋይ ዲቪዥዮን ክትሓልፍ ክኢላ። ጊልያ ተጻዋታይ ጥራይ ኣይኮነን ናቱ ፍልስፍናታት ናይ ስፖርት ነይሩዎ'ዩ። ሓደ ካብኡ ዝኾነ ተጻዋታይ ብፍላይ ከኣ ሓላው ማዕጾ ጎል እንተኣትያዩ፣ ነታ ዝኣተወቶ ረሲዑ ጸወታኡ ክቕጽል ኣለዎ። ናይታ ዝኣተወቶ እናሓሰበ ዝጻወት እንተኾይኑ ኣኸልዎ መለሰዩ ዝድርበኸ! እናበለ'ዩ ንደቂ ጋንትኡ ዝገስገሶ፣ "ጎል ኣትዩና ምስ ኣልቢትሮ ዳኛ ክንጨቓጨቕ እንተርእዩና፣ መጺኡ 'ምሽ ንሶም ኣእትየምልና፣ ኪዱ ንሽኹም ከኣ ኣእትዉ' ኢሉ፣ ይሰደና ነይሩ" ክብል ናይ ሽዑ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ዝነበረ ኣምባሳደር ግርማይ ሳንቲም ይዝክር።

ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ጊልያ ካብ ንእስነቱ ንቑሕ፣ ተንቀሳቓስን ወዳብን ነይሩ። ተመሃራይ ቀሃስ (ሕጂ ቀ.ባሕሪ) ከሎ ሓደ ካብቶም ቀንዲ መራሕቲ ምንቅስቓስ

ጋንታ ኣዱሊስ ኣብ መወዳእታ 1957 ናብ ፖርት ሱዳን ተኸይዳ። ኣብኡ ጋ/ኣዱሊስ ምስ መራሕቲ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ተራኺባ፣ ኑቲ ምስጠራዊ ውዳብ ካብ ሱዳን ኣብ ኤርትራ ክትዝርግሖ ተልእኾ ሒዛ ትምለስ። ኣብ'ዚ ጊልያ ምስ ወዲልቢን ስውእ ትኩእ ይሕደጎን ኮይኑ ዝለዓለ ተራ ተጻወተ። ሓራካ ከኣ ኣብ ከተማታት ኤርትራ ብ"ማሕበር ሸውዓተ" ዝፍለጥ ዋህዮታት ዘርጊሓ ቃልሳ ኣካየደት።

ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈቱ ምስ እንምለስ፣ ጊልያ ኮኾብ ናይ ከዋኽብቲ ምንባሩ ብዙሓት



ይምስክሩሉ። ኣብ 2007 ብምኽንያት መበል 50 ዓመት ምምስራት ኮንፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ (CAF) ኣብ ኩለን ሃገራት ክበዓል ኣብ ዝተወሰነሉ፣ ብደረጃ ኣህጉር ድማ ኣብ ካርቱም በዓል ክኾነር ተወሲኑ።

ኣብ ኤርትራ'ውን ኣብቲ ዝሓለፈ 50 ዓመት ካብ ዝተራእዩ ከዋኽብቲ ዝበለጸ ተጻዋታይ ክምረጽ ብዝዕበል 3 ኣዋርሕ ዝወሰደ መጽናዕቲ ተኻይዱ፤ ድሕሪ ነዊሕ ክትዕ 34 ናይ ብሉጻት ብሉጻት ተለልዮም ንውድድር ቀሪቦም። ኣብ'ዚ ንዝኸሪ ኢያብልዩ ምምስራት ካፍ ኣብ ሃገርና ኣብ ዝተኻየደ " ምርጫ ኮኾብ 50 ዓመት"፣ ጊልያ 3ይ ተዓዊቱ ብምዃን ብኮ/ስፖርትን ብሃ.ፈ.ኩእግሪ ኤርትራን ዝተዳለወ ፍሉይ ታርጌታን ምስክር ወረቐትን ተሸሊሙ።

ኣብ መጽሓፍ "ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ" ብተኽሊት ልጃም፣ ደራሲ ን100 ዝኾኑ ፍሉጣት ነበር ስፖርተኛታት ኣብ ዘቶደዶ ቃለመጠይቕ ካብ 1936-1975 ኣብ ዝነበረ ግዜ ዝበለጸ ኣጥቃዓይ፣ ተኸላኻላይ፣ ኣከፋፋሊን ሓላው ማዕጾን (ፖርቴሪ) ድምጺ ኣከቡ ነይሩ። ብኡ መሰረት ጊልያ ዝበለጸ ሓላው ማዕጾ ኮይኑ ኣብቲ መጽሓፍ ሰፊሩ ይርከብ።

ጊልዮሚካኤል ተስፋማርያም (ወዲ ማርያኖ)፣ ኣቦ 5 ደቂ ኮይኑ፣ ኣብ መበል 90 ዓመት ዕድሚኡ'ዩ ብ28 ሰነ 2026 ኣብ ሳንድያጎ (ሕ.መ.ኣመሪካ) ሓመድ ኣዳም ለቢሱ።

ምንጪ ጽሑፍ፦
- ተኽለ ኪዳ (ስልኪ) - (ተጻዋታይ ገጀረትን ቴሌን ነበር) ተዓዋቲ 3ይ ዋንጫ ኮ/እ ኣፍሪቃ)
- ኣምባሳደር ግርማይ ጉብረማርያም (ሳንቲም) - (ተጻዋታይ ጋንታ ሎጎቹዋ ነበር)
- ተስፋጊያርጊስ ብ/ማርያም (ቀቓሕ) - (ተጻዋታይ ኣዱሊስን ሓማሴንን ነበር - ተኻፋሊ ዋንጫ ኣፍሪቃ)
- ተ.ጋ. ኣለም ግደ (ተጻዋታይ እምባሶይራን ዙላን - ኮ/ስፖርት ነበር)
- ኪኤ. ኣማኑኤል ልጃም (ሃ/ፈ/ኩ/እግሪ ነበር)





# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ክረምታዊ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ግራስ ሩት ይቕጽል

### መሪሕ ዮናስ ኣርሓ ጋንታ ዕዳጋ ሓሙስ

ክረምታዊ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ግራስ ሩት፡ ዝሓለፉ መዓልታት ኣብ ክልተ ሜዳታት ብኽልቲ ጸታ ቀጺሉ።

ኣብ ቦቺዮፊላ ዕድመ 14ን 15ን ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ዘካየድዎ ጸወታ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ንዝ ጥንዱ ኣብ ዕድመ 16ን 17ን ድሙ፡ ኣዋሳውል ንገጀረት ብዘመሳሳሊ 2-ብ0 ሰዒረንኦን፡ ዕዳጋ ሓሙሰውን ኣብ ልዕሊ ገዛ ጥንዳ ኣከታቲላ 25-ብ14 25-ብ21 ብምስዓር ብድምር 2-ብ0 ተዓዊታ። ኣብዚ ግጥም መሪሕ ዮናስ ጋንታኡ ዕዳጋ ሓሙስ ሳልሳይ ተኸቲታሊ ዓወት ከተመዝግብ መሪሕ ተራ ተጻዊቱ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ፡ ሓላንጊ ዓወትን ስዕረትን ዝነበረን ጋላ ኽፍሊን ኣርባዕተ ኣስመራን ኣብ ዘካየዳኦ ጸወታ፡ ጋላ ኽፍሊ ኣብ ክልተ ሴት 25-ብ20 28-ብ26 ሰዒራ ብድርም 2-ብ0 ተዓዊታ።



ኣብ ቤት ትምህርቲ እምባዞራ ካብ ዝነበረ ግጥማት፡ ኣብ ዕድመ 14ን 15ን ደቂ ተባዕትዮ ኣኸርያ ንኣርባዕተ ኣስመራ 2-ብ0 ሰዒራታ። ኣቐዲመን ክልተ ዓወት ኣመዝጊበን ዝተራኸባ ጋላ ኽፍሊን ጎዳይፍን ድሙ፡ ጋላ ኽፍሊ 2-ብ1 ሰዒሩ።

## ካፉ፡ ካርሎስ፡ ዛኑቲን ካምቢያሶን፡ ንኢንፋንቲኖ ደጊፎም

ናይ ቀደም ብሉጻት ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ዓለም - ብራዚላዊ ካፉን ሮበርቶ ካርሎስን ከምኡ'ውን ኣርጀንቲናውያን ጃቪየር ዛኑቲን ኢስቲባን ካምቢያሶን፡ ንፕረዚደንት ፊፋ - ጂያኒ ኢንፋንቲኖ ዘለዎም ደገፍ ገሊጾም።

ካብ ለካቲት 2016 ጀሚሩ ንኩዕሶ እግሪ ዓለም ዝመርሖ ዘሎ - ኢንፋንቲኖ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ንገለ ብርክታት ዋንጫ ዓለም ክልተኡ ጾታ ናብ ሰብ ሃብቲ ክሸየጥ ሓሳብ ምቕራቡ ይፍለጥ።

ይኹን እምበር፡ ካብ ዝበዝሑ ናይ ኣህጉራት ፌደረሽናት ዓለም ተቓውሞ ምስ ገጠሞ፡ ሓሳቡ ከምዝቕረጾ ሓቢሩ። ዛጊት'ውን ገለ ናይ ሃገራት ፌደረሽናት ካብ ምድጋፉ ከምዝቕረጹ ክሕብሩ እንከለዉ፡ ከም ብዓል ፖርቱጋላዊ ሉዊስ ፊጎ ዝርከብዎም ናይ ቀደም ህቡባት ተጻወትቲ ድማ ካብ ስልጣኑ ክወርድ ጸዊዖም።



ብመንጽሩ፡ ገለ ሃገራት ከም ኣርጀንቲናን መክሲኮን ከምኡ'ውን ከም ብዓል ካሜሩናዊ ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ሳሙኤል ኤቶ ዝርከብዎም ገለ ስሙያት ተጻወትቲ፡ ንሓሳቡ ምድጋፎም ገሊጾም እዮም።

ትማሊ ከኣ ካፉ፡ ካርሎስ፡ ዛኑቲን ካምቢያሶን "ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት፡ ብፊፋን ኢንፋንቲኖን ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ቀድሚ ሕጂ ዘይነበረ ብሉጽ ስራሕ ክዕመም ተዓዚብና ኢና። ተጻወትቲ ኣብ ኮሚቴታት፡ ፕሮጀክትን ጉጅለታትን ብምስራሕ ድምጺን ቦታን ኣብ ስፖርት ክህልወና ተገይሩ። ኩዕሶ እግሪ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ዝጸሓሐ ዓቢ ምዕባለ ንምድጋፍ ድሙ ድሉዋት ኢና - መታን ኣብ ኩሉን ኩዕሶ እግሪ ዝዋደደን ሃገራት ንዝርከቡ ሰባት ክበጽሕን ክጠቕምን።" ክብሉ መግለጺ ኣውጺኦም።

መግለጺ ናይ'ዞም ናይ ደቡብ ኣመሪካዊ ስሙያት ተጻወትቲ፡ ድሕሪ'ቲ ናይ ኤውሮጳ ፍሉጣት ናይ ቀደም ተጻወትቲ ፈረንሳውያን - ኢማኑኤል ፔቲት፡ ሚካኤል ሲልቨስተር፡ ሮበርቶ ፒረስን በሸነት ሊዛራዙን እንተላይ ኢይቮሪያዊ ዲዲየር ድሮግባ "ለውጢ ኣገዳሲ እዩ። ይኣክል ማለት ይኣክል እዩ።" ክብል ኢንፋንቲኖ ክወርድ ምጽውዖም እዩ።

በዚ ድሙ ዋንጫ ዓለም ካብ 32 ሃገራት ኣብ 2026 ናብ 48 ክብ ዘበለን ኣብ 2030 ናብ 64 ክዕቢ መደብ ከምዝለዎም ዝገልጽን ኢንፋንቲኖ፡ ደገፍቲን ተቓወምትን ኣጥሪዩ ኣሎ። ኣብ ስልጣን ክቕጽል ዲዩ ወላስ ክእለ ከኣ መጋቢት 2027 ድሕሪ ዝግበር ፕረዚደንታዊ ምርጫ ክፍለጥ እዩ።

## ዙር ስጳኛ - ሄኖክ መበል 16 ኣትዩ

ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝነበረት ሓሙሻይቲን ተቐዳዳማይ ሽሶማ - ማትዉ ብረናን ዝተዓወተላን መድረኽ፡ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣስታና - ሄኖክ ምልእብርሃኑ መበል 16 ኣትዩ።

ኣብ 173.3 ኪሎሜተር ዝሸፈነት ናይ ኩርባ መድረኽ፡ ማትዉ፡ ኣብቲ ዝተገብረ ናይ እኩባት ተቐዳደምቲ ቅጽበታዊ ውድድር ጸብለል ብምባል እዩ - ብ3 ሰዓት፡ 47 ደቒቓን 2 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። እዚ ወዲ 21 ዓመት ብሪጣንያዊ፡ ኣብዚ ውድድር ካልኣይ ናይ መድረኽ ዓወት እዩ ኣመዝጊቡ - ንካልኣይቲ መድረኽ ተዓዊቱላ ምንባሩ።

ኣብ 'ዙር ስጳኛ' ንፈለማ ግዜኡ ዝወዳደር ዘሎ ሄኖክ ከኣ፡ ብተመሳሳሊ ግዜ መበል 16 ደረጃ ሒዙ። ዛጊት ናይዚ ውድድር ዝበለጸ ደረጃኡ እዩ።

በዘን ተኻይደን ዘለዋ መድረኻት፡ ንሰለስተ መልያታት ናይ ግዜ ነጥቢን ናይ ዓቐብን - ስሎቬንያዊ ተቐዳዳማይ ታደይ ፖጋቻ ለቢሰወን ኣሎ። ኣብል ኢጆስ - ኣቦር ኦንሊይ፡ ንናይ መንእሰያት ሒዙዎ ደርኪቡ።

ንመበል 81 ግዜኡ ሎሚ ሓሙስ ኣብ ሻዱሻይቲ መድረኽ 177.4 ኪሎሜተር ሽፈኑ ክወሰል እዩ።

## ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት . . .

ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ናይ ፍጻመን ደረጃን ጸወታታት ናይ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ኣሰላሲሉ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ፍጻመ (ናይ ዋንጫ) ደቂ ተባዕትዮ ማይ ተመናይ ንጎዳይፍ 1-ብ0 ብምስዓር ተዓዊቲት 2026 ኮይና። ኣብ ናይ ደረጃ ድሙ ገዛ ጥንዳ ንኣኽርያ ብፍጹም ቅላዕ 4-ብ3 ረቲዓታ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ናይ ደረጃ ጸወታ፡ ቲራቮሎ ንማይ ተመናይ 2-ብ1 ብምስዓር፡ ሳልሰይቲ ኮይና ዛዚማ።

እዚ ውድድር፡ ቀዳም 29 ኑሓሰ፡ ናይ ፍጻመን ደረጃን ናይ ትሕተ 17 ብኽልቲኡ ጾታ፡ ከምኡ'ውን ናይ ትሕተ 13 ዓመት ናይ ፍጻመ ጸወታ ደቂ ኣንስትዮ ከካይድ ምኻኑ ህዝባዊ ርክብ ናይቲ ውድድር ሓቢሩ።

## ፈርናንደዝ፡ ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ዓቲሩ

ሓለቓ ጋንታ ማንቸስተር ዩናይትድ - ብሩኖ ፈርናንደዝ፡ ዝበለጸ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ 2026 ተባሂሉ።

ፈርናንደዝ ዝሓለፈ ወቕቲ 2025-26 ብውልቁ ዕዉት ግዜ ምሕላፉን 21 ናይ ሹቶ ቀረብ (ኣሲስት) ምምዝጋቡን ይዝከር። በዚ ናይ ሹቶ ቀረብ ድሙ ቀድሚ ሕጂ ብቲሪ ሄንሪን ከቨን ደ ብሩይንን ብ20 ናይ ሹቶ ቀረብ ተታሒዙ ዝነበረ 'ኣብ ሓደ ወቕቲ ዝበዝሐ ቀረብ' ብምስባር፡ ናይ ውልቁ ክብረ ወሰን ገይሩዎ።

ኣቐዲሙ ኣብ ፕሪመር ሊግ ንዝዓለዉ ክልተ ሽልማት ዝዓተረ - ብሩኖ፡ ሰለስ ምሸት ከኣ፡ ነዚ ብድምጺ ተጻወትቲ ፕሪመር ሊግ እትዕደል ሳልሳይቲ ሽልማት ብምዕታር 'ሃትሪክ' ሰሪሑ። እዚ ፖርቱጋላዊ፡ ድሕሪ 2010 ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ማን ዩናይትድ ነዚ ሽልማት ዝዓተረ ኮይኑ ኣሎ - ድሕሪ ዋይን ሩኒ።

ኣብቲ ምሸት፡ ወዲ 21 ዓመት ኣባል ማን ሲቲ - ኒኮ ኦራይሊ፡ 'ዝበለጸ መንእሰይ ተጻዋታይ' ተባሂሉ።

ሓላዊ ልዳት - ዳቪድ ራያ፣ ተኸላኸልቲ - ጁሪን ቲምበር፡ ዊሊያም ሳሊባ፡ ጋብሪኤል ማጋልሃስ (ኩሎም ካብ ኣርሰናል)፡ ኦራይሊ ካብ ማን ሲቲ፤ ኣከፋፈልቲ - ፈርናንደዝ (ማን ዩናይትድ)፡ ራይስ (ኣርሰናል) ቸርኪ (ማን ሲቲ)፤ ኣጥቃዕቲ ከኣ፡ ሃላንድን ሰመንዮን ካብ ማን ሲቲ፡ ኢጎር ቲያጎ ካብ ብሬንትፎርድ፡ ኣብ ጋንታ ናይዚ ዓመት ተመሪጾም። ብዝይካ ፈርናንደዝን ቲያጎን ከኣ፡ ዝተረፉ ትሸዓተ ተጻወትቲ ካብ ኣርሰናልን ማን ሲቲን ተኻቲቶም።





## ማን ሲቲ፡ ንባዋዲ ወዲኣትሉ

እንግሊዛዊት ክሉብ ማን ሲቲ፡ ንሞሮኳዊ - ኣዩብ ባዋዲ ብ85.6 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሊል ከምዝፈረሞቶ፡ ትማሊ ረቡዕ ወግዓዊ ገይራ።

ካብ ዝሓለፈ ሰሙንቲ ጀሚሩ ብውልቁ ምስ ማን ሲቲ ምስምማዑ ክግለጽ ዝጸንሐ - ባዋዲ፡ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ፈሪሙ ኣሎ።

እዚ ወዲ 18 ዓመት ኣከፋፋሊ፡ በዚ ዝተሰጋገረሉ መጠን ገንዘብ፡ ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ 'ዝኸበረ ኮተቴ ተጻዋታይ' (ትሕቲ 20 ዓመት) ኮይኑ ኣሎ - ኣብ ክረምቲ 2024 ካብ ሊል ናብ ማን ዩናይትድ ብ58.9 ሚልዮን ፓውንድ ንዝተሰጋገረ ሌኒ የሮ በሊጹ።

እዞም መንእሰያት፡ ኣብ ፈረንሳዊ ክሉብ ሊል፡ ንሓደ ወቕቲ (2023-24) ሓቢሮም ተጻዊቶም እዮም። ኣብዚ እዋን ከኣ፡ ኣብቲን ኣብ ከተማ ማንቸስተር ዝርከባ ቀንዲ መቐናቕንቲ ክለባት ዩናይትድን ሲቲን ደርኪቡ።

ኣብዚ ክረምቲ ንኣከፋፈልታ - ሮድሪን ራይንደርስን ናብ ክለባት ባርሴሎናን ኣል ቃዲሻን ዝሸጠት ማን ሲቲ፡ ኣቐዲማ ንኢሊዮት ኣንደርሰን ካብ ኖቲንግሃም ምፍራማ ይፍለጥ። ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ሃገሩ ሞሮኮ ክሳብ ርብዒ ፍጻመ ክትበጽሕ ቀላሒታ ክርከብ ዝኽኣሎ መሳጢ ቁመና ዘንጸባረቐ ባዋዲ፡ ድሙ ምስ ልዑል ትጽቢት ዝ. ማስመር ተጸምቢርዎ ኣሎ።

ድሕሪ ፐፕ ጓርድዮላ ብመሪሕነት ኢንዞ ማረስካ ሓዲሽ ህይወት ጀሚራ ዘላ ሲቲ፡ ዛጊት በዚ ዘካየደቶ መሰርሕ ደው ከይበለት፡ ዝ. ማስመር ንምሕዳስ ንኣከፋፋሊ ቸልሲ - ኢንዞ ማረስካ ንምፍራም ዝከኣል ትንዝር ኣሎ። እዚ





ኣርጀንቲናዊ'ውን ብውልቁ ንሕተቶኣ ተቐቢልዎ ምህላዉ ይሕብር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ናይ ትሕተ 21 ዓመት ንባዋዲ ወዲ ጋንታኡ ዝነበረ ራያን ቸርከ፡ ዝ. ሕጂ ኣብ ማን ሲቲ ወዲ ጋንታኡ ኮይኑ ዘሎ ሓዲሽ ተጻዋታይ፡ 'ኣልበርት ኣንስታይን' ኢሉ ደጽውዕዎ ምንባሮም ገሊጹ። እቲ ምኽንያት ከኣ፡ ንሱ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ጥራይ ከተኩሩ እንከለው፡ ባዋዲ ግና፡ ማዕረ ጸወታ ስነ ሕሳብ (ቁጽሪ) የጽንዕ ብምንባሩ እዩ። ድሒሩ ንሞሮኮ ዝወከለን ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ዝተሰለፈላን ባዋዲ፡ ብዲግሪ ንምምራቕ ይመሃር ምህላዉ ይግለጽ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ (ኣብ ስታድዩም ከረን)**

**ራብዓይ ናይ ምድብ ጸወታ ጉጅለ 'ሀ'**

ኣልታሕረር - ኣልነስር 11፡30 ድ.ቀ

ባሳለ - ኣቑርደት 1፡30 ድ.ቀ

ደንካልያ - ቀይሕ ባሕሪ 3፡30 ድ.ቀ

**ካራባኦ ካፕ (ካልኣይ ዙርያ)**

ቸልሲ - ሉቶን 9፡30 ድ.ቀ

**ላ'ሊጋ**

ባርሴሎና - ኣትለቲኮ በልባኦ 10፡00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም


ሸዊት ተኽለ

## ፕረዚደንት ቻይና፡ ኣብ ኪርጊዝስታንን ግብጽን ምብጻሕ ይፍጽም

ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂን ፒንግ፡ ኣብ ቢሽከክ - ርእሰ ኩተማ ኪርጊዝስታን ኣብ ዝካየድ ዋዕላ 'ውድብ ምትሕብባር ሻንጋይ' ክሳተፍ ምዃኑ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ሺ፡ ካብ 30 ነሓሰ ክሳብ 3 መስከረም ኣብ ኪርጊዝስታን፡ ብድሕሪኡ ድማ ኣብ ግብጺ ዑደት ከካይድ ምዃኑ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ናይታ ሃገር ትማሊ ረቡዕ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ሺ፡ ምስ መራሕቲ ተሳተፍቲ ሃገራት ተራኺቦ ኣብ ምሕያል ክልተኣዊ ምትሕብባር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዓበይቲ ኣህጉራውን ዞባውን ጉዳያት ኣመልኪቶ ክዘተ ምዃኑ፡ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሊን ጂያን ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣመልኪቱ።



ብዘይካ'ዚ፡ ፕረዚደንት ሺ ኣብ ኪርጊዝስታን ኣብ ዝጽንሓሉ መዓልታት፡ ምስ ፕረዚደንት ኪርጊዝስታን ሳዲር ጃፓሮቭ ከም ዝዘራረብን ኣብ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ መደባት ድማ ክሳተፍ ምዃኑን እቲ ኣፈኛ ወሲኹ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ሺ፡ ናብ ግብጺ ዝገብሮ ምብጻሕ እውን፡ ድሕሪ 10 ዓመታት ንፈለማ እዋን ክኸውን እዩ። ኣብ ዑደቱ ድማ ምስ ፕረዚደንት ዓብደል ፋታሕ ኣል ሲሲ ተራኺቡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣህጉራውን ዞባውን ጉዳያት ሓሳባት ክለዋወጥ ምዃኑ ይሕበር ኣሎ።

## ኢራንን ዮማንን፡ ኣብ ሆርሙዝ ሓዲሽ መስመር ክጥቀማ ተረዳዲአን

ኢራንን ዮማንን፡ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ንመጉዓዝያ መራኽብ ዘገልግል ሓዲሽን ግዝያዊን መስመር ክጥቀማ ከም እተሰማምዓ፡ ምክትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ካዘም ጋሪባባዲ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

ይኹን'ምበር፡ ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰነ ብዘተፈረመ ግዝያዊ ስምምዕ ሰላም መሰረት ንዘኣተወቶ ቃል ክሳብ ዘይፈጸመት፡ መጻብቦ ሆርሙዝ ዳግማይ ከም ዘይክፈት፡ እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ካዘም ጋሪባባዲ ነዚ መግለጺ ዝሃበ፡ ላዕለዎት ዲፕሎማሰኛታት ኢራንን ዮማንን ኣብ ጣህራን ተራኺቦም ዝርዝር ናይ'ቲ ኣብ ጉዳይ ምምሕዳር ናይቲ መጻብቦ ድሕሪ ምዝርራቦም እዩ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ ምስ ዮማናዊ መዘናኡ ባድር ኣልቡሳይዲ ዘካየዶ ርክብ፡ ክተኣም ሰበ ስልጣን ብዛዕባ'ቲ ግዝያዊ ማያዊ መስመርን ኣተገባብራኡን ተዛቲዮም። ካብ'ቲ መጻብቦ ንምጽራይ ዝዓለመ ፕሮጀክትን ከም ዝተዘራረቡ ተሓቢሩ።

እዘን ክልተአን ኣብ ገማግም ባሕሪ መጻብቦ ሆርሙዝ ዝርከባ ሃገራት፡ ቅድሚ ኣብ ዝሓለፈ ለካቲት ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ ምጅማረን፡ ብጉዳይ'ቲ ሓደ ሕምሲት ካዕዝታ ዓለምና ሃብታ ጋዝን ነዳድን ተፈጥሮኣዊ ዝሓልፈሉ ስትራተጂያዊ መስመር ንሰሙናት ዝቐጸለ ዝርርብ የካይዳ ምንባረን ይሕበር።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ዮማን ኣልቡሳይዲ ብማሕበራዊ መራኽቢ ኢኽስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ክልተአን ሃገራት እቲ ሓድሽ ግዝያዊ መስመር በየን ምዃኑ ኣብ ቀረባ እዋን ክፍልጣ ተሰፋ ከም ዘለዎ ብምግላጽ፡ መጻኢ ምሕደራ ናይ'ቲ መጻብቦን ቀዋሚ ፍታሕን ድማ ኣብ ግዚኡ ክስዕብ ምዃኑ ኣረዲኡ።



## ኔፓል - ብሰንኪ ዕልቕልቕ ሓያሎ ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ

ንኔፓልን ኣውራጃ ቲበት ናይ ቻይናን ኣብ ዘዳውብ ከባቢታት ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ሓያል ዕልቕልቕ፡ 291 ወጻእተኛታት ዝርከብዎም ኣስታት 400 በጻሕቲ ደሃዮም ጠፊኡ ምህላዉ፡ ሓላፊ ቦርድ ቱሪዝም ኔፓል ንቢቢሲ ሓቢሩ።



መብዛሕትኦም ካብ'ቶም በጻሕቲ ናብ 'ካይላሽ ማንሳሮቫር' ዝተባህለ ኣብ መንጎ ቲቤትን ቻይናን ዝርከብ ቱሪዝማዊ መስሕብ ዝኾነ ቦታ የምርሑ ምንባሮም እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ግዝያዊ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ናይቲ ቦርድ፡ እቲ ዝቐርብ ዘሎ ቁጽሪ ናይ ዝጠፍኡ በጻሕቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይውሰኽ ብምህላዉ፡ ጠቕላላ ቁጽሪ ጥፉኣት መሊሱ ክውሰኽ ተሰጊኡ ምህላዉ ኣፍሊጡ።

እቶም ጠፊኦም ዝበሃሉ ዘለዉ በጻሕቲ፡ ልዕሊ 100 ህንዳውያን፡ 17 ማሌዢያውያን፡ 12 ብሪጣንያውያን፡ ኣርባዕተ ደቡብ ኣፍሪቃውያንን ክኾኑ እንከለዉ፡ ካብ ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያን ሆላንድን ዝመጽኡ ዜጋታት'ውን ይርከብዎም።

## ም/ፕረዚደንት ታንዛንያ ስልጣኑ ሓዲጉ

ምክትል ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ታንዛንያ፡ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ዓመት ኣብ ዘይመልእ እዋን፡ መዝነቱ ብፍቓዱ ከም ዝሓደገ ተሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር ሳሚያ ሱሉሁ ሓሰን፡ እቲ ምክትል ፕረዚደንት ንዘወሰዶ ስጉምቲ ከም ዝተቐበለቶ፡ ኣፈኛ መንግስቲ ታንዛንያ ምኽንያት ከይጠቐሰ ገሊጹ'ሎ።

ኣብ ሕዳር 2026 መዝነት ምክትል ፕረዚደንት ዝተረከበ ኣማኑኤል ጆን ንቺምቢ፡ ዝመጽእ 4 መስከረም ስልጣኑ ክሓድግ ምዃኑ፡ እቲ ኣፈኛ ኣብ'ቲ ትማሊ ሰሉስ ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታ ኤክስ ኣቢሉ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

እቲ ኣፈኛ ወሲኹ፡ ካልእ ምክትል ፕረዚደንት ንምምዛዝ፡ ቀዋሚ ኣገባብ ዝተኸተለ መስርሕ ኣብ ቀረባ እዋን ክካየድ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ንቺምቢ፡ ኣቐዲሙ ዋና ጸሓፊ ናይቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰልፊ ቻማ ቻ ማፒንዱዚ (ሲሲኤም) ምንባሩ ይሕበር።

ንሱ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ብሓደ ትካል ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ዝተኣንገደ መደብ ብዝሃቦ መግለጺ፡ ካብ ገለ ኣባላት ናይቲ ሰልፊ ነቐፌታ ክወርዶ ምጽንሑ ይሕበር።

ፕረዚደንት ሳሚያ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ደማዊ ግጭት ዝተኸስተሉ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ናይታ ሃገር፡ 98 ሚእታዊት ድምጺ ብምርካብ ተዓዊታ ከም ዝኾነት ኣብ እዋኑ ተገሊጹ ምንባሩ ይዝከር።



## ናይጀርያ - ብሰንኪ ለበዳ 'ዲፍተርያ' 50 ህጻናት ሞይቶም

ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ግዝኣት ካኖ - ናይጀርያ ብዘጋጠመ ለበዳ ሕማም 'ዲፍተርያ'፡ ብውሕዱ 50 ህጻናት ክሞቱ እንከለዉ፡ ሓያሎ ካልኦት ድማ ኣብ ሆስፒታል ተዓቝቦም ምህላዎም፡ ሰበ ስልጣን ናይ'ታ ግዝኣት ሓቢሮም።

ክሳብ ሕጂ ውሱን ናይ ህጹጽ ረድኤት ስጉምትታት ከም ዝተወሰደ ዝሓበሩ ነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ፡ ምቕራብ መድሃኒትን ምውፋር ሰራሕተኛታት ጥዕናን ዘጠቓለለ - ነቲ ሕማም ንምግታእ ዝሕግዝ ተወሳኺ ስጉምቲታት ክውሰድ ከም ዘለዎ ኣገንዚቦም።

ዲፍተርያ ብባክተርያ ዝስዕብ ሕማም ኮይኑ፡ ንላዕለዋይ ስርዓት ምስትንፋስ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ንቆርበት የጥቅዕ - ብመሰረት ሱብ ሞያ ጥዕና።

ብዘይካ'ዚ፡ ንልብን መትኒታትን ዝጎድእ መርዚ እውን ከም ዘፍሪ ይንገረሉ።

ኣብ 2025 ዝወጸ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ኣብ ናይጀርያ ካብ ዝርከባ 36 ግዝኣታት፡ ኣብ'ተን 30 ብውሕዱ 884 ምስ ሕማም ዲፍተርያ ዝተኣሳሰር ሞት ኣጋጢሙ ምንባሩ ይሕበር።

በዚ ከኣ እቲ ውድብ ጥዕና፡ ናይጀርያ ጥዕና ዜጋታታ ንኽትሕሉን ኣብ መጻኢ ለበዳዊ ሕማም ከይክሰት ንኽትከላኸልን፡ ሸፋን ክታበት ብውሑዱ ናብ 80 ሚእታዊት ክዓቢ ኣተሓሳሲቡ ነይሩ።

ኣብ ናይጀርያ፡ ልዕሊ 2 ሚልዮን ህጻናት ትሑት መጠን ሸፋን ክታበት ከም ዘበጽሖም ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ እዚ ድማ ኣብ'ታ ሃገር ንልዑል ሓደጋ ምስፍሕፋሕ ተላባዕቲ ሕማማት የቃልዕ ምህላዉ የገንዝቡ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰለማዊ | 27/08/2026 | ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ. ገዛ 19 ፊት ፋብሪካ ሚዛን ኢያሱ | 07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services